# ናብ ቤት ምኽሪ ሰብኣዊ መሰላት ናይ ዝቐረበ ጸብጻብ ፍሉይ መርማሪ ንኩነታት ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኤርትራ (A/HRC/50/20)፡ ዘይወግዓዊ ትርጉም

# Unofficial Tigrinya translation of the Report of the Special Rapporteur on the situation of human rights in Eritrea (A/HRC/50/20), presented to the Human Rights Council at its 50th session

---

**ቤት ምኽሪ ሰብኣዊ መሰላት**
**መበል ሓምሳ ኣኼባ**
13 ሰነ ክሳብ 6 ሓምለ 2022
ዛዕባ ቁጽሪ 4
**ኣቓልቦ ቤት ምኽሪ ሰብኣዊ መሰላት ዘድልዮ ኩነታት ሰብኣዊ መሰላት**

## ኩነታት ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኤርትራ


ጽሟቕ

እዚ ጸብጻብ'ዚ፡ ብመሰረት ውሳኔ ቤት ምኽሪ ሰብኣዊ መሰላት ቁጽሪ 47/2 ዝቐረበ ኮይኑ፡ ኣብቲ ዝተጠቕሰ ውሳኔ፡ ቤት ምኽሪ፡ ስልጣን ፍሉይ መርማሪ ንኩነታት ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኤርትራ ንሓደ ዓመት ክናዋሕን፡ ፍሉይ መርማሪ ድማ ንኣተገባብራ መዝነቱ ዝምልከት ኣብ መበል ሓምሳ ስሩዕ ኣኼባ ጸብጻብ ከቕርብ ብዝሓተቶ መሰረት ዝቐርብ ዘሎ ጸብጻብ እዩ።

ፍሉይ መርማሪ፡ ኣብ ጸብጻቡ፡ ንኩነታት ደረት ኣልቦ ሃገራዊ/ወተሃደራዊ ኣገልግሎት፡ ተባጻሕነት ፍትሕን ልዕልና ሕግን፡ ከምኡ'ውን ምስ ሲቪላውን ፖለቲካውን መሰላትን መሰረታዊ ናጽነታትን ኣብ ዝተኣሳሰሩ ምዕባለታት ብምትኳር፡ ኩነታት ሰብኣዊ መሰላት ኤርትራ ይገልጽ። ብተወሳኺ፡ ግጭት ትግራይ ኣብ ውሽጣዊ ኩነታት ሰብኣዊ መሰላት ኤርትራ ዘስዓቦ ጽልዋታት የረድእ፣ ኣብ ኢትዮጵያ ብወተሃደራት ኤርትራ ዝፍጸም ግህሰታት ይድስስ፣ መሰል ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ ምውሓስ ዝረኣዩ ዘለዉ ቀጻሊ ብድሆታት የረድእ። እቲ ጸብጻብ ንመንግስቲ ኤርትራን ንማሕበረሰብ ዓለምን ብዝቐረበ ለበዋታት ይዛዘም።


## 1. መእተዊ

1. እዚ ጸብጻብ'ዚ፡ ብመሰረት ውሳኔ ቤት ምኽሪ ሰብኣዊ መሰላት ቁጽሪ 47/2 ዝቐረበ ኮይኑ፡ ኣብቲ ዝተጠቕሰ ውሳኔ፡ ቤት ምኽሪ ስልጣን ፍሉይ መርማሪ ንኩነታት ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኤርትራ ንሓደ ዓመት ክናዋሕን፡ ፍሉይ መርማሪ ድማ ንኣተገባብራ መዝነቱ ዝምልከት ኣብ መበል ሓምሳ ስሩዕ ኣኼባ ጸብጻብ ከቕርብ ብዝሓተቶ መሰረት፡ ዝቐርብ ዘሎ ጸብጻብ እዩ። እዚ ጸብጻብ፡ ካብ 29 ሚያዝያ 2021 ክሳብ 22 ሚያዝያ 2022 ንዘሎ ግዜ ይሽፍን።

2. ኣብዚ ጸብጻብ ዝቐርበሉ ዘሎ እዋን፡ ኣብታ ሃገር ንዝቕጽል ዘሎ ቅልውላው ሰብኣዊ መሰላት ምፍታሕ ኣብ ምንዳይ ዝጭበጥ ምዕባለ ኣይተራእየን። ብሓቂ ክርእ እንከሎ፡ ፍሉይ መርማሪ ኣብ ብርክት ዝበሉ ከባቢታት ኩነታት እናተበላሸወ ከም ዝኸደ ተዓዚቡ። ዕጡቓት ሓይልታት ኤርትራ፡ ኣብ ክልል ትግራይ ኢትዮጵያ ይፍጸም ኣብ ዘሎ ከቢድ ጥሕሰት ኣህጉራዊ ሰብኣዊ መሰላትን ሰብኣዊ ሕግን ተሳትፎኦም ቀጺሉ ኣሎ። ኤርትራ ኣብ ኲናት ኢትዮጵያ ምትእትታዋ'ውን ነቲ ኤርትራ ዘጋጥማ ከቢድ ናይ ሰብኣዊ መሰላት ብድሆታት ኣጋዲዱ፡ ቅድሚኡ ዝነበረ ጸገማት ግህሰት ከም ዝብእስ ጌርዎ።

3. እዚ ጸብጻብ'ዚ ኣብ ቀረባ እዋን ዝተራእየ፡ ንሕመረታዊ ጉዳያት ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ዝምልከት ምዕባለታት ዘተኮረ ኮይኑ፡ ንገደብ ኣልቦ ሃገራዊ/ወተሃደራዊ ኣገልግሎት፣ ልዕልና ሕጊ፣ ኩነታት ማእሰርቲ፣ ሲቪላውን ፖለቲካውን መሰላት፣ ኣብ ኰነታት ግጭት ኢትዮጵያ ብወተሃደራት ኤርትራ ዝተፈጸሙ ግህሰታትን ኩነታት ኤርትራውያን ስደተኛታት ይድህስስ። ፍሉይ መርማሪ ኣብ ጸብጻቡ፡ ንዘካየዶ ንጥፈታት ብዝርዝር ብምግላጽ፡ ሓፈሻዊ ትሕዝቶ ኩነታት ሰብኣዊ መሰላት እታ ሃገር ብምቕራብ፡ ንመንግስቲ ኤርትራን ንማሕበረሰብ ዓለምን ለበዋታት የቕርብ።

4. ኣብዚ ጸብጻብ፡ ፍሉይ መርማሪ፡ ቅድሚ ሕጂ ብዝተፈላለየ ኣገባባት ንኣቓዲሞም ዝተጠቐሱ ጉዳያት ቀሪቦም ዝነበሩ ለበዋታትን ብኤርትራ እተወስደሉ ናይ ትግባረ ደረጃታት 'ውን ኣብ ግምት የእቱ። ምስ ናይ ሕጂ መዝነት ሓዊስካ ቅድሚ ሕጂ ብመርማሪት ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኤርትራን

ኣድማሰዊ መስርሕ ገምጋምን በብእዋኑ ዝተኻየደ ዝተፈላለየ ገምጋማትን ዝቐረቡ ለበዋታት፡ ንሓድሕዶም ዝደጋገፉን ዝመላልኡን ምዃኖም ፍሉይ መርማሪ ይመዝን።

## 2. ኣገባብ ኣሰራርሓ

5. ብወገን መንግስቲ ኤርትራ ምትሕብብር ብዘይ ምንባሩ፡ ፍሉይ መርማሪ ኣብታ ሃገር ዑደት ብምክያድ፡ ናይ ውሽጢ (ቀዳማይ ኢድ) ሓበሬታ ንምእካብ ወይ ’ውን ምስ ሰበ ስልጣን ብዛዕባ ነታ ሃገር ዘጋጥማ ዘሎ ብድሆታት ሰብኣዊ መሰላት ክዘራረብ ኣይከኣለን።

6. እዚ ጸብጻብ፡ ብፍሉይ መርማሪ ዝተኣከበን ዝተተንተነን ሓበሬታ መሰረት ዝገበረ ኮይኑ፡ ብተወሳኺ ‘ውን ብተማዓዳዊ ክትትል ዝተሰነየ፤ ምስ ግዳያት፣ ኣዝማድን፣ መሰኻኽርን ዝግበር ቃለ መሕትት፡ ከምኡ ’ውን ብትካላት ሕቡራት ሃገራትን ካልኦት ኣህጉራውያን ትካላትን፣ ኣባላት ዲፕሎማስያዊ ስርርዕ፣ ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ዝርከቡ መንግስታዊ ትካላትን ሚኒስትሪታትን፣ ክኢላታት፣ ምሁራትን በርጌሳውያን ማሕበራትን ትካላት ዲያስፖራን ዘቕርብዎ ሓበሬታ መሰረት ዝገበረ እዩ። ኣብ ዝረኸበሉ እዋን፡ ፍሉይ መርማሪ ወግዓዊ ሓበሬታን መረዳእታን ይውከስ።

7. ኣብዚ ጸብጻብ ቀሪቦም ዘለዉ ትዕዝብታት ወይ መደምደምታት፡ ምስ ስነ ምግባር ፍሉይ ኣሰራርሓን ስልጣንን ዘለዎም ክኢላታት ቤት ምኽሪ ሰብኣዊ መሰላትን፡ ንሳቶም ዝጥቀሙሉ መምርሒ ብጥብቂ ብምኽባር ዝተሰነዱን ዝተረጋገጹን እዮም። ፍሉይ መርማሪ፡ ተኣማንነት ምንጭታት ኣብ ምግምጋም ጽኑዕ ትኹረት ብምግባር፡ ነቲ ሓበሬታ ቅኑዕነቱ ንምፍላጥ መስቀላዊ ተፍትሽ ብምግባር ኣረጋጊጹን፡ ኣብቲ ዝተኣከበ መርትዖታት ናጻን ዘይሻራውን ትንተና ኣካይዱ። ፍሉይ መርማሪ ብመገዲ ቃለ መሕትት ሓበሬታ ክእክብ እንከሎ፡ ካብ መገብቲ ሓበሬታ ግቡእ ፍቓድ ሓቲቱ። ግዳያትን መሰኻኽርን ንምክልኻል ክግለጽ ዘለዎ ሓበሬታ ብጥንቃቐ መምዩ ዘድሊ ናይ ምስጢራዊነት ጥንቃቐታት ወሲዱ። መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ትዕዝብትን ርኽበታትን ፍሉይ መርማሪ ርእይቶ ክህብ ዕድል መታን ክረክብ፡ ንድፊ ናይዚ ጸብጻብ ኣቐዲሙ ተላኢኹሉ።

## 3. ንጥፈታት

8. ፍሉይ መርማሪ ኣብ ታሕሳስ 2021 ናብ ኢጣልያን ሆላንድን፡ ኣብ መጋቢት 2022 ድማ ናብ ኖርወይን ሽወደንን ዑደት ኣካይዱ። ኣብ ዑደቱ፡ ምስ እተፈላዩ ሰብ ብርኪ (መሻርኽቲ) ብምርኻብ፡ ብዛዕባ ኩነታት ሰብኣዊ መሰላት ኤርትራን ሓለዋ መሰል ስደተኛታትን ዘትዩ። ፍሉይ መርማሪ፡ ብመንግስታት ኢጣልያ፣ ሆላንድ፣ ኖርወይን ሽወደንን ንዝተገበረሉ ምትሕብባርን ደገፍን ልባዊ ምስጋንኡ ይገልጽ።

9. ኣብ መስከረም 2021 ፍሉይ መርማሪ ኣብ መበል ሰብዓን ሸዱሸተን ኣኼባ ሓፈሻዊ ጉባኤ ኣብ ዝተኻየደ ልዝባዊ (መስተጋብራዊ) ዘተ ናይ ሳልሰይቲ ሽማግለ ተሳቲፉ። ኣብ መጋቢት 2022፡ ኣብ መበል ኣርብዓን ትሽዓተን ኣኼባ ናይ ቤት ምኽሪ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ዝተኻየደ መስተጋብራዊ ዘተ፡ ንእዋናዊ ጉዳያት ዝምልከት ናይ ቃል ሓበሬታ ኣቕሪቡ። ብሰንኪ ለበዳ ሕማም ኮሮናቫይረስ (ኮቪድ-19)፡ ፍሉይ መርማሪ ኣብ ኣኼባታት ቤት ምኽርን ሓፈሻዊ ጉባኤን ብቪድዮ ኮንፈረንስ ተሳቲፉ።

10. ኣብዚ ጸብጻብ ዝተዳወሉ እዋን፡ ፍሉይ መርማሪ ምስ ጉጅለታት ግዳያት፣ ኣባላት ዲያስፖራ ኤርትራ፣ ሲቪካዊ ማሕበራት፣ ኣባላት ዲፕሎማስያዊ ዓንኬል፣ ንዝተፈላለዩ ህዝባውን መንግስታውን ትካላት ዝውክሉ ሰበስልጣን፣ ካብ ሓያሎ ሃገራዊ ባይቶታት ዝመጹ ኣባላት ባይቶን ወከልቲ ሕቡራት ሃገራትን ካልኦት ኣህጉራውያን ትካላትን ብዙሕ ኣኼባታት ኣካይዱ። ፍሉይ መርማሪ ኩነታት ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኤርትራ ዝመሓሸየሉ ጭቡጥ ኩነታት ክፍጠርን፡ ኤርትራውያን ስደኛታትን ሓተትቲ ዑቕባን ውሕስነት መታን ክረኽቡን ጻዕሩ ቀጺሉ። ንኹሎም እቶም ግዜ ወሲዶም ምስኡ ዝተራኸቡ የመስግን። ነቲ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ኩነታት ሰብኣዊ መሰላት ንምምሕያሽ ዘረኣይዎ ትብዓትን ዝገበርዎ ዘይሕለል ጻዕርን ይንእድ።

11. ፍሉይ መርማሪ፡ ምስ ወከልቲ መንግስቲ ኤርትራ ክራኸብን ናብታ ሃገር ክበጽሕን ዘቕረቦ ሕቶታት መልሲ ኣይረኸበን። ብተወሳኺ፡ ብ29 ሓምለ 2021፡ ፍሉይ መርማሪ ንመንግስታት ኢትዮጵያን ሱዳንን፡ ብዛዕባ ኩነታት ኤርትራውያን ስደተኛታት ሓበሬታ ንምእካብን ምስ ዝምልከቶም ሓላፍቲ፣ ሰበስልጣን መንግስንቲ፣ ጉዳዩ ዝምልከቶም ካልኦት ኣካላትን ንምዝታይን ምብጻሕ ከካይድን ሕቶታት

ኣቕረቡ። ምስ ናይ ኤርትራ ወከልቲ ኣብ ካርቱምን ኣዲስ ኣበባን፡ ከምኡ ’ውን ኣብ ሕብረት ኣፍሪቃ ክራኸብ ሓቲቱ። መንግስታት ኢትዮጵያን ሱዳንን ዛጊት ወግዓዊ ምላሽ ኣይሃቡን።

## 4. ምስ ኣህጉራውን ዞባውን ናይ ምኽባር ሰብኣዊ መሰላት ኣገባባት ምትሕብባርን ምትእስሳርን ንምፍጣር ዝተኻየደ ጻዕሪ

12. ሕቡራት ሃገራት፡ ንኤርትራ ዝምልከት፡ ኣብ ቁጠባዊ፣ ማሕበራዊ፣ ባህላውን ከባብያውን መሰላት ዘተኮረ፡ ካብ ነባሪ ሸቶታት ልምዓት ዝብገስ ናይ ምትሕግጋዝ ሓድሽ መቓን ምጽዳቑ፡ ፍሉይ መርማሪ ብሓጎስ ይቕበሎ። እቲ ናይ ምትሕግጋዝ መቓን፡ ኣብ ጥሪ 2022 ላዕለዎት ዞባውያን ዳይረክተራት ናይ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኤርትራ ብዘካየድዎ ወግዓዊ ዑደት እዩ ፈሊሙ። ብተወሳኺ፡ እቶም ሰብ መዚ ቤት ጽሕፈት ላዕለዋይ ኮሚሽነር ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት ሃገራት ኣብ ግንቦት 2022 ቴክኒካዊ ዑደት ከካይድ ዓዲሞም። ፍሉይ መርማሪ፡ እዚ ምስ ገለ ትካላትን ኣገባባትን ስርዓት ሕቡራት ሃገራት ዝግበር ዘሎ ዝተሓደሰ ምትሕብባር ብሓጎስ እኳ እንተተቐበሎ፡ እዚ ጻዕርታት’ዚ ግን ኣብ ኩነታት ሰብኣዊ መሰላት ኤርትራውያን ብዝጭበጥ ምምሕያሻት ክስነ ከም ዘለዎ የስምረሉ። ፍሉይ መርማሪ፡ መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰላት ንቁጠባውን ማሕበራውን ምዕባለ ቅድመ ኩነት ምዃኑ የስምረሉ። ኣብዚ ጸብጻብ’ዚ ተዘርዚሩ ከም ዘሎ፡ ነቲ ኣብ ኤርትራ ንነዊሕ እዋን ዝጸንሐን ሰፊሕን ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት ንምፍታሕ ህጹጽ ስጉምቲ የድሊ።

13. ኤርትራ፡ ካብ 2022 ክሳብ 2024 ኣባል ቤት ምኽሪ ሰብኣዊ መሰላት ኮይና ከተገልግል፡ ዳግማይ ኣብ ጥቅምቲ 2021 ተመሪጻ። ፍሉይ መርማሪ፡ ኣብዚ ጸብጻብ ዝቐረበሉ እዋን፡ ኤርትራ ኣብ ቤት ምኽሪ ዘለዋ ኣባልነት ተጠቒማ፡ ኣብ ክልል ትግራይ ኢትዮጵያ ንዝፍጸም ግህሰታት ዝምልከት ኣህጉራዊ ምጽራይ ከም ዝተቓወመት ይሕብር። ኣብ ሓምለ 2021፡ ወተሃደራት ኤርትራ ክስሕቡ ንዝጽውዕ ውሳኔ ቤት ምኽሪ ኤርትራ ተቓዊማቶ። ኣብ ታሕሳስ 2021 ድማ፡ ኣብ ኢትዮጵያ ብኹሎም ወገናት ዝተፈጸሙ ክስታት ምግሃስ ሰብኣዊ መሰላትን ሰብኣዊ ሕግን ዝምርምር ኣህጉራዊ ኮሚሽን ክኢላታት ንምምስራት ዝተገብረ ተበግሶ ኣንጻሩ ድምጺ ሂባ።

14. ምትእስሳር ኤርትራ ምስ ኣገባባት ምኽባር ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት ሃገራት ድሩት ኮይኑ ይቕጽል ኣሎ። ኤርትራ ኣብ 2019 ኣብ ሳልሳይ ዑደት ኣድማሳውን ስሩዕን ገምጋም ብንጥፈት ክትሳተፍ እንከላ፡ እቶም ነቲ መስርሕ ስዒቦም ዝመጹ ለበዋታት፡ እንተላይ እቶም ብኤርትራ ተቐባልነት ዘለዎም ለበዋታት፡[1] ብዓቢኡ ዘይተተግበሩ እዮም። መብዛሕትኦም እቶም ብኻልኦት ኣገባባት ሰብኣዊ መሰላት ዝወጹ ለበዋታት፡ እንተላይ ብኮሚተ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ መጋቢት 2019 ዝጸደቑ፡ ከምኡ እውን ብኮሚተ ምውጋድ ኣድልዎ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ለካቲት 2020 ዝጸደቑ ገና ኣብ ግብሪ ኣይወዓሉን። ክሳብ ሚያዝያ 2022 ኣብ ዘሎ ግዜ፡ ኤርትራ ነቶም ሰለስተ ቀንዲ ኣህጉራውያን ውዕላት ሰብኣዊ መሰላት፡ ከምኡ ’ውን 7 ኣማራጺ ፕሮቶኮላት ኣይተጸንበረቶምን (ኣይፈረመቶንም)።[2]

15. ፍሉይ መርማሪ፡ ኤርትራ ከም ኣባል ቤት ምኽሪ ሰብኣዊ መሰላት መጠን፡ ኣብ ምድንፋዕን ምሕላውን ሰብኣዊ መሰላት ዝለዓለ ደረጃታት ክትሕሉ፡ ከምኡ ’ውን ምስቲ ቤት ምኽሪ፡ እንተላይ ምስ ፍሉይ ኣገባባቱ ምሉእ ብምሉእ ክትተሓባበር ከምዘለዋ የስምረሉ። ኤርትራ ምትሕግጋዝ ኣጠናኺራ፡ ምስ’ቶም ፍሉይ ኣሰራርሓን ስልጣንን ዘለዎም ኣላላት ትርጉም ዘለዎ ምልውዋጥ ክትገብር የተባብዕ። ብተወሳኺ፡ መንግስቲ ምስ ኮሚሽን ሰብኣውን ህዝባውን መሰላት ኣፍሪቃ ክተሓባበር፡ ከምኡ ’ውን ብዛዕባ’ቶም ብዘይ ደሃይ ዝተኣስሩ ኤርትራውያን ጋዜጠኛታትን ኣባላት ፖለቲካዊ ተቓውሞምን ዝምልከት ዝተወሃቡ ዝተፈላለዩ ውሳኔታት ክትግብር ይላቦ።[3]

---

1 ኤርትራ ኣብ ሳልሳይ ዙር ካብ ዝቐረቡ 261 ለበዋታት ነቶም 131 ተቐቢላቶም። ምሉእ ዝርዝር ለበዋታት ኣብዚ ዝስዕብ መላግቦ ይርከብ፡- https://www.ohchr.org/en/hr-bodies/upr/er-index.

2 ኤርትራ ክሳብ ሕጂ፡ ነዞም ዝስዕቡ ውዕላት ኣየጽደቐቶምን፡- ንሰባት ካብ ሽርበት ሃለዋት ንምድሓን ዝጸደቐ ኣህጉራዊ ውዕል፣ ንመሰል ሳገምትን ኣባላት ስድራ ቤቶምን ዝምልከት ኣህጉራዊ ውዕል፣ ንመሰል ስንኩላን ዝምልከት ኣህጉራዊ ውዕልን መመላእታኡን (ፕሮቶኮሉን)፣ መመላእታ ናይ ኣህጉራዊ ውዕል ንቑጠባዊ፡ ማሕበራውን ባህላውን መሰላት፣ መመላእታ ናይ ኣሁጉራዊ ውዕል ንምውጋድ ኩሉ ዓይነት ኣድልዎ ኣንጻር ደቂ ኣንስትዮ፤ መመላእታ ናይ ኣህጉራዊ ውዕል ኣንጻር ስቅያት፡ ከምኡ ‘ውን ካልእ ጨካን፡ ኢሰብኣዊ ወይ ዘዋርድ ኣተሓሕዛ፣ መመላእታ ናይ ኣህጉራዊ ውዕል መሰል ህጻናት (ንኣገባብ ኣቀራርባ ውልቃዊ ጥርዓን ዝምልከት)፣ ክልተ መመላእታታት ናይ ኣህጉራዊ ውዕል ንሲቪላውን ፖለቲካውን መሰላት።

3 *Zegveld and Ephrem v. Eritrea*, communication No. 250/02, decision, November 2003; *Article 19 v. Eritrea*, communication No. 275/2003, decision, May 2007; and *Isaak v. Eritrea*, communication No. 428/12, decision, February 2016 [በቲ ኣብ ላዕሊ እተጠቕሰ ኮምሽን እተዋህበ ውሳነታት]።

16. ፍሉይ መርማሪ፡ መንግስቲ ኤርትራ ንዕማሙ ምቅዋም ምቕጻሉ፡ ከምኡ ’ውን ክሳብ ሕጂ ናብታ ሃገር ክበጽሕ ወይ ምስ ሰበስልጣን ክራኸብ ዕድል ዘይምፍቃዱ የተሓሳስቦ። ኣብ ከምዚ ዝበለ ኩነታት፡ ብመንግስቲ ዝቐርብ ንምኽባር ሰብኣዊ መሰላት ዝምልከት ጸብጻባት ብዘተኣማምን መንገዲ ክረጋገጽ ኣይክእልን። ፍሉይ መርማሪ፡ መንግስቲ ነቲ ህሉው መርገጺኡ ዳግማይ ክርእዮ፡ ንመዝነት ፍሉይ መርማሪ ብዘሳልጥ መገዲ ዘተ ክጅምርን ናብታ ሃገር ክዕድሞን፡ ነቲ ኩነታት ብቐጥታ መታን ክዕዘብ ድማ ምስ ዝምልከቶም ተዋሳእቲ ሃናጽን ዕላማ ዘለዎን ርክብን ከካይድ መገዲ ከጣጥሓሉ ይዕድም። ፍሉይ መርማሪ፡ ምስ መንግስቲ ኤርትራ ክፍጠር ዝኽእል ናይ ሃናጺ ጽምዶ ዕድላት ምፍታሽ ክቕጽል እዩ።

## 5. ዞባዊ ምዕባለታት

17. እዚ ጸብጻብ ኣብ ዝተዳወሉ እዋን፡ ሓይልታት ኤርትራ ኣብ ክልል ትግራይ ኢትዮጵያ ይፍጸም ኣብ ዘሎ ከቢድ ግህሰት ኣህጉራዊ ሰብኣዊ መሰላትን ሰብኣዊ ሕግን ብንጥፈት ተጸሚዶም ከም ዝርከቡ መረዳእታታት ኣሎ።[4] ኢትዮጵያ ኣብ ሰነ 2021 ሓይልታት ኤርትራ ካብ ትግራይ ከም ዝወጹ ድሕሪ ምእዋጃ፡ ኣብ ወርሒ ነሓሰ ሰራዊት ኤርትራ ዳግማይ ናብቲ ዞባ ብምእታው ኣብ ሰሜንን ምዕራብን ትግራይ ቦታታት ተቖጻጺሮም። ፍሉይ መርማሪ፡ ኣብ ልዕሊ ሰላማውያን ሰባት ዝፍጸም መጥቃዕትን ቅትለትን፣ ምግሳስ፣ ኣማኢት ሰላማውያን ተጋሩ ምእካብን ብዘይፍቓድ ምእሳርን፣ ምዝማት፣ ምጭዋይን ግዱድ ምምላስን ኤርትራውያን ስደተኛታትን ምዕጻው ሰብኣዊ ሓገዝን ብዝምልከት ብርክት ዝበሉ ክስታት ምቕባሉ ቀጺሉ።

18. ኣብ ትግራይ ይፍጸም ኣብ ዘሎ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት፡ ተሳትፎ ወተሃደራት ኤርትራ ዘመላኽት መርትዖታት እንዳበዝሐ ይኸይድ ኣሎ። ብኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኢትዮጵያን ላዕለዋይ ኮምሽነር ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት ሃገራትን ኣብ ሕዳር 2021 ዝተገብረ ሓባራዊ መርመራ፡ ንኤርትራ ሓዊሱ ኩሎም ኣብ ግጭት ኢትዮጵያ ዝተሳተፉ ወገናት ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት ከምዝፈጸሙን፡ ገለ ካብኡ ድማ ገበናት ኲናትን ገበናት ኣንጻር ሰብኣውነትን ክኸውን ከምዝኽእል፡ “ምኽኑይ ግምታት” ከምዘሎ እቲ ሓባራዊ መርመራ ኣረጋጊጹ።[5] ኣብ ሚያዝያ 2022፡ ሂዩማን ራይትስ ዎችን ኣምነስቲ ኢንተርናሽናልን፡ ንሓይልታት ኤርትራ ምስ ጃምላዊ ግፋ ሰላማውያን ተጋሩ፣ ዘይሕጋዊ ማእሰርቲ፣ ጾታዊ ዓመጽን ምዝማት ንብረት ሲቪላውያንን ዘተኣሳስር ሓባራዊ ጸብጻብ ኣውጺኦም ነይሮም።[6]

19. ፍሉይ መርማሪ፡ ብዛዕባ ተራ ሓይልታት ኤርትራ ኣብ ምዕንቃፍ ተባጸሕነት ሰብኣዊ ረድኤት ከቢድ ሻቕሎቱ ገሊጹ። ካብ ሰነ 2021 ጀሚሩ፡ ሓይልታት ትግራይ ንመብዛሕትኡ ክፋል እቲ ክልል መሊሶም ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ምስ ኣእተዉ፡ ናብ ትግራይ ዝኣትዉ ቀንዲ መንገድታት ተዓጽዮም፡ ተጸብኦታት ናብ ሰሜንን ምብራቕን ክልላት ኣምሓራን ዓፋርን ተላቢዑ። ምጉዕዓዝ መግብን ቀረብን ናብ ትግራይ ካብ ወርሒ ሰነ ኣትሒዙ ብሰንኪ ቀጻሊ ውግእ፣ ምዝማት ሰብኣዊ ቀረብ፣ ሕጽረት ነዳዲ፣ ብወሰኒ ድማ ዋሕዲ ምትሕብባርን ዕንቅፋትን ተዋጋእቲ ወገናት እናኸበደ መጺኡ። ሓይልታት ምክልኻል ኢትዮጵያን ሓይልታት ኤርትራን ዝርከብዎም መሓዙት ሓይልታትን፡ ሰብኣዊ ቃፍላይ ደው ኣቢሎም፡ ጽዕነት ብኢደ ዋኒኖም ኣዚዞም። ኣብ ሕዳር 2021፡ ሰበስልጣን ዞባ ዓፋር፡ ሰብኣዊ ሓገዝ ናይ ዝጸዓና ፲፪ መራሕቲ መካይን ኣብ ቀይዲ ኣእትዮም። ካብ ሓምለ ኣትሒዙ ሓይልታት ኤርትራ ኣብ ምዕራብ ትግራይ ብስትራተጂካዊ ኣቀማምጣ ቦታታት ብምሓዝ ካብ ሱዳን ዝኣትዉ መስመራት ብኣድማዒ መንገዲ ዓጊቶም ኣለዉ። ከም ውጽኢቱ ድማ ክሳብ 30 ሕዳር 2021 ሕቡራት ሃገራት ካብቲ ዝድለ ዝነበረ ረድኤት 12 ሚእታዊት ጥራይ እዩ ናብቲ ዞባ ክበጽሕ ዝኸኣለ ክብል ገሚቱ። ኣብ መጀመርታ 2022፡ ሰብኣዊ ረድኤት ናብቲ ቦታ ክበጽሓሉ ዝኽእል ጽርግያ ንልዕሊ ሰለሰተ ኣዋርሕ ስለ ዝተዓጽወ፡ ኩነታት ኣዝዩ ከፊኡ ኔሩ። ፍሉይ መርማሪ፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ ብዕለት 24 መጋቢት 2022 ሰብኣዊ ዕርቂ ምእዋጁ ብሓጎስ ይቕበሎ። ይኹን እምበር፡ ክሳብ 21 ሚያዝያ፡ መግብን ሰብኣዊ ቀረብን ዝሓዘ 70 ናይ ጽዕነት መካይን ጥራይ እየን ናብቲ ዞባ በጺሐን፤ እዚ ድማ ካብቲ ዝድለ ዝነበረ ሓገዝ ንእሽቶ ክፋል ምዃኑ ይሕብር።

---

4 A/HRC/47/21, paras. 14–21 [እዚ ዝተጠቕሰ ጸብጻብ ተመልከት]።
5 ኣብዚ ዝስዕብ መላግቦ ተመልከት፦ https://digitallibrary.un.org/record/3947207?ln=en.
6 ኣብዚ ዝስዕብ መላግቦ ተመልከት፦ https://www.hrw.org/report/2022/04/06/we-will-erase-you-land/crimes-against-humanity-and-ethnic-cleansing-ethiopias.

20. ኣብ ሕዳርን ነሓሰን 2021፡ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፣ ህዝባዊ ግንባር ንዲሞክራስን ፍትሕን፣ ክልተ ብመንግስቲ ዝውነኑ ኣካላትን ሰለስተ ላዕለዎት ሰብ መዝን እገዳ ኣንቢራ።[7] ፍሉይ መርማሪ፡ ኣብ ሰሜን ኢትዮጵያ ኣብ ዝካየድ ዘሎ ቅልውላው ሰብኣዊ መሰላትን ወተሃደራዊ ግጭትን ብዘለዎም ተራ ሓዊሱ፡ ኣብ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት ብዘለዎም ተሳትፎ እንኮላይ፡ ኣብ ልዕሊ ፍሉያት ውልቀ ሰባትን ትካላትን ዕላማ ዝገበረ እገዳ ምውጽኡ ሓንጎፋይ ኢሉ ይቕበሎ።

# 6. ሃገራዊ/ወተሃደራዊ ኣገልግሎት

21. ብዝተፈላለዩ ዓለምለኻዊ ኣገባባት ምኽባር ሰብኣዊ መሰላት፡ ከም ሽማግለ ሰብኣዊ መሰላት፣ ሽማግለ መሰላት ህጻናት፣ ሽማግለ ምውጋድ ኣድልዎ ደቂ ኣንስትዮ፣ መርማሪ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላትን ፍሉይ መርማርን ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት ዝተወሃበ ለበዋታት ብዝምልከት፡ ነቲ ዘሎ ጸገም ንምዕራይ ዝኾነ ስጉምቲ ኣይተወሰደን።[8] ኤርትራ ኣብ 2019 ኣብ ዘካየደቶ ሳልሳይ ዙር ኣድማሳዊ ገምጋም፡ 21 ለበዋታት ቀሪቡላ እኳ እንተነበረ፡ ብመንግስቲ ግን ተቐባልነት ኣይረኸበን።

22. ደረት ኣልቦ ሃገራዊ/ወተሃደራዊ ኣገልግሎት ሓደ ካብቶም ቀንዲ ምንጪ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት ኣብታ ሃገር ኮይኑ ይቕጽል ኣሎ። ብፍሉይ መርማሪ ዝተኣከበ ሓበሬታ ከም ዘመልክቶ፡ እቲ ኩነታት እንዳበኣሰ ይኸይድ ኣሎ። ፍሉይ መርማሪ፡ ምስ ሃገራዊ/ወተሃደራዊ ኣገልግሎት ዝተኣሳሰር ከቢድ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት ዝምልከት ጸብጻባት ምቕባሉ ቀጺሉ። እቲ ጸብጻብ፡ ንኹነታት ግህሰት፣ ከቢድ መቕጻዕትን ኢሰብኣዊ ወይ ዘዋርድ ኣተሓሕዛን፣ ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ወተሃደራት ዝፍጸም ጾታዊ ጉጥያን ዓመጽን፣ ከምኡ ’ውን ኣባላት ሃገራዊ ኣገልግሎት ኣብ ግዱድ ዕዮ ከም ዝሳተፉ ምግባር የጠቓልል። ኣብ ኤርትራ፡ ኣብ ሰራዊት ናይ ዘይምስላፍ መሰል ሕሉው ስለ ዘይኮነ፡ ካብ ሰራዊት ዝሃደሙ ወይ ዝሓከሉ ሰባት ብኸቢድ ይቕጽዑ። ዘይሕጋዊ ማእሰርቲ፣ መግረፍቲ፣ ሰብኣዊ ክብረት ዝቕንጥጥ መቕጻዕትን ምርሻንን ከጋጥሞም ይኽእል።

23. ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ብኣዋጅ ዝተነጸረ ናይ 18 ኣዋርሕ ናይ ግዜ ገደብ ዘለዎ ብምዃኑ፡ ጽገና ዘድልዮ ጉዳይ ኣይኮነን ክብል መንግስቲ ኤርትራ ይገልጽ።[9] ይኹን እምበር፡ ብግብሪ ካብ 1998 ጀሚሩ፡ ሰበ-ስልጣን ሓፈሻዊ ናይ ክተት ኩነታት ብምፍጣር፡ ነቲ ሕጋዊ ናይ ግዜ ገደብ ዘይድሩት ጌሮሞ። ፍሉይ መርማሪ፡ ንልዕሊ ክልተ ዕቁድ (20 ዓመት) ካብ ግዱድ ዕስክርና ናጻ ዘይተለቁ ኤርትራውያን ከም ዘለዉ፡ ካብ መቕርቦም ክርዳእ ክኢሉ። እቲ ምስ ኢትዮጵያ ንልዕሊ ዕስራ ዓመት ዝቐጸለ ብ “ኣይ ሰላም ኣይ ኩናት”[10] ዝፍለጥ ኩነታት፡ ነቲ ኣብታ ሃገር ዘሎ ልዑል መጠን ውትህድርናን ንዘይድሩትነት ሃገራዊ ኣገልግሎትን ምኽኑይ ከም ዝገብሮ ሰበ-ስልጣን ይምጉቱ።[11] ኣብ 2018 ምስ ኢትዮጵያ ዝተበጽሐ ስምምዕ ሰላም፡ መደብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ንምጽጋን ተስፋ ተገይርሉ እኳ እንተበረ፡ ከምቲ ዝደለ ምጥያስ ሰራዊት ኣይተራእየን። ትርጉም ዘለዎ ለውጢ ’ውን ኣይተጀመረን። ምትእትታው ሓይልታት ኤርትራ ኣብ ኲናት ኢትዮጵያ ከም ዘለዎ ኮይኑ፡ ካብ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ ክመጽእ ንዝኽእል ሓደጋጋት ንምክልኻል ብዝብል ምኽንያት፡ መደብ ሃገራዊ ኣግልግሎት ንምጽጋን ዝቐረበ ጻውዒታት ብመንግስቲ ተነጺጉ።

---

7 ኣብ ሕዳር 2021፡ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ እዞም ዝስዕቡ ባእታትት እገዳ ኣንቢራ፡- ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፣ ህዝባዊ ግንባር ንዲሞክራስን ፍትሕን (ገዛኢ ሰልፊ)፣ ማዕከን ሕድሪ (ብህዝባዊ ግንባር ዝውነና ፋይናስያውያን ትካላት ዝቆጻጸር ላዕለዋይ ኣካል)፣ ኮርፖሬሽን ንግዲ ቀይሕ ባሕሪ፣ ኣብርሃ ካሳ ነማርያም (ሓላፊ ሃገራዊ ድሕነት)፣ ሓጎስ ገብረሂወት ወልደኪዳን (ኣማኻሪ ቁጠባ ህዝባዊ ግንባር ንዲሞክራስን ፍትሕን ዋና ፈጻሚ ስራሕ ኮርፖሬሽን ንግዲ ቀይሕ ባሕሪን)። ኣብ ወርሒ ነሓሰ፡ ሓለቓ ስታፍ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ዝኾነ ጀነራል ፊሊጶስ ወልደዮሃንስ ’ውን እገዳ ተገይሩሉ።

8 CCPR/C/ERI/CO/1, para. 38; CRC/C/ERI/CO/4, para. 48; CEDAW/C/ERI/CO/6, paras. 11, 42 and 52; A/HRC/29/42, paras. 92–93; A/HRC/32/47, para. 121; and A/HRC/47/21, para. 82 [እዚ ዝተጠቕሰ ውሳነታት ተመልከት]።

9 A/HRC/47/G/19, annex, para. 23 [እዚ ዝተጠቕሰ ሰነድ ተመልከት]።

10 A/HRC/32/CRP.1, para. 190 [እዚ ዝተጠቕሰ ሰነድ ተመልከት]። ኣብዚ ዝስዕብ መላግቦ ተመልከት፡- //www.ohchr.org/en/hr-bodies/hrc/regular-sessions/session29/list-reports.

11 Ibid. [ኢቢደም/ልክዕ ከምቲ ኣብ ላዕሊ እተጠቕሰ], para. 24. ብ21 ሰነ 2021 ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ከምዚ ዝስዕብ ክብል ገሊጹ፡- “ኣብቲ ሽዑ ግዜ፡ [ብህዝባዊ ግንባር ሓርነት ትግራይ ዝምራሕ ዝነበረ] መንግስቲ ኢትዮጵያ ነቲ ናይ መወዳእታን ቀያድን ናይ ሽምግልና ውሳነ ብምንጻግ ናይ ጎበጣን ተጻብኦን ፖሊሲታቱ ምስ ቀጸለ፡ መንግስቲ ንሃገራዊ ኣገልግሎት ካብ ምንዋሕ ወጻኢ ካልእ ኣማራጺ ኣይነበሮን።”

24. ካብ ሕዳር 2020 ኣትሒዙ፡ ዓሳክር ኤርትራ፡ ኣብ ክልል ትግራይ ኢትዮጵያ ምስ ሓይልታት ምክልኻል ኢትዮጵያን መሓዙት ምልሻታትን ብምዃን ኣብ ዘስካሕክሕ ኲናት ክዋግኡ ተገዲዶም። ስድራ ናይቶም ኣብ ኢትዮጵያ ክዋግኡ ዝተገደዱ ሰባት ብዛዕባ ሃለዋት ይኹን ዕጫ ዝፈትውዎም ሰባት ዝኾነ ወግዓዊ ሓበሬታ ኣይረኸቡን። ግፋ ንግዱድ ወተሃደራዊ ዕስክርና ብዝበርተዐ መገዲ ቀጺሉ ይርከብ። ኣብ ኣስመራ፣ ሰገነይቲ፣ ሔቦ፣ ኣኽሩር፣ ዓዲ ቐንጺ፣ ደግራ፣ ዓደንገፎምን ድግሳን ብዛዕባ ዝተኻየዱ ግፋታት፡ ፍሉይ መርማሪ ንጹርን ዝርዝራውን ሓበሬታ ተቐቢሉ። ገዛ-ገዛ ዝግበር ዘይሕጋዊ ተፍትሽ ልሙድ ተርእዮ ኮይኑ። ሰባት፡ ካብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ናጻ ምዃኖም ዘረድእ ሰነዳት እንከለዎም ‘ውን ከይተረተፈ ብሰብ መዚ ኣይተናሕፉን።

25. ፍሉይ መርማሪ፡ ኣብ ቀረባ እዋን ናብ ኤርትራ በጺሖም ካብ ዝተመልሱ ሰባት ምስክርነት ሰሚዑ። ሓደ ካብኣቶም፡ ኣብ እዋን ግፋታት ዝነበረ ፍርሒ ከምዚ ክብል ገሊጽዎ፡- “ኣብ ጎደናታት ኣስመራ ሰብ ኣይነበረን። ኣባላት ስድራይ ይኹኑ ካልኦት ሰባት ንግዳም ክወጹኡ ይፈርሑ ኔሮም። ነቶም ቆልዑ ይወስድዎም ነበሩ። ገዛ-ገዛ እነዳኸዱ ንኹሉ ይወስዱ ኔሮም፤ ኣዴታት ጥራይ ገዲፎም ይኸዱ። እዚ ኣብ ኩለን ከተማታትን ዓድታትን ይፍጸም ነበረ። ቅድም ንኹሉ ሰብ ይገፍዎ፤ ደሓር ደፋእ ኢሎም የማጸርይዎ፡ ዝፍታሕን ዘይፍታሕን።”

26. ካልእ ምስክር ዓይኒ፡ ካብ ነብሲ ወከፍ ስድራ ሰብኣይ ዘበለ ከም ዝተገፈ ድሕሪ ምሕባር፡ ነቲ ኩነታት ብኸምዚ ዝስዕብ ይገልጾ፡- “ኣብ ዓደይ ንኹሉ ሰብ ኣኽቢቦምዎ ኔሮም፤ ንእሽቶ ወይ ዓቢ ምዃንካ ፍልልይ የብሉን። ንዅሎም እቶም ኣብ ስድራይ ዝነበሩ ሰብኡት ኣብ ቀይዲ ኣእተውዎም። ነተን ደቂ ኣንስትዮን ህጻናትን ንድሕሪት ገዲፎሞም፡ ባዕሎም ንባዕሎም ዘድልዮም ነገራት ከማልኡ። ድሕሪ ሒደት መዓልታት ድማ ነቲ ወዲ 70 ዓመት ኣቦ ስድራ ፈቲሖምዎ። ነተን ደቂ ኣንስትዮን ህጻናትን ዝድግፍ ንሱ ጥራሕ እዩ ተሪፉ፤ ዝተረፉ ኣዝማደይ ኩሎም ናብ ትግራይ ተወሲዶም።”

27. ፍሉይ መርማሪ፡ ኣቓዲሙ ‘ውን ይርአ ዝነበረ፡ ህጻናት ብኣስገዳድ ናይ ምዕስካር ጸገም ከም ዝገደደ ተዓዚቡ። ብመሰረት ኣዋጅ ሃገራዊ ኣገልግሎት ልዕሊ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ጥራይ እዮም ኣብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ከገልግሉ ግዴታ ዘለዎም። እንተኾነ ግን በብዓመቱ፡ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ተማሃሮ ካልኣይ ደረጃ፡ ዝበዝሑ ትሕቲ ዕድመ ዝኾኑ፡ ኣብ ናይ መወዳእታ ዓመት መዘዘሚ ትምህርቶም፡ ኣብ ወተሃደራዊ መዓስከር ሳዋ ወተሃደራዊ ታዕሊም ክወስዱ ይግደዱ። ብተወሳኺ፡ እዚ ጸብጻብ ኣብ ዝተዳለወሉ እዋን፡ ፍሉይ መርማሪ፡ ብዛዕባ ግፋ ህጻናት ዝምልከት ብዙሕ ቃለ ምስክርነት ኣኪቡ። ገለ ጸብጻባት መሰኻኽር ከም ዝሕብርዎ፡ 14 ዓመት ዝዕድሚኦም ህጻናት ከይተረፉ ተገፊፎም። ወለዲ ናይቶም ዝተገፈፉ ህጻናት ብዛዕባ ኩነታት ደቆም ብሰብ-መዚ ኣይተሓበሩን።

28. ብዙሓትን ተኣማንነት ዘለዎምን ምንጩታት፡ ብዛዕባ ተሳትፎ ህጻናት ኤርትራ ኣብ ወተሃደራዊ ግጭት ትግራይ ዝምልከት ሓበሬታ ንፍሉይ መርማሪ ኣቕሪቦም። መብዛሕትኦም እቶም ዝተዓስከሩ ህጻናት ዕድሚኦም ካብ 16 ክሳብ 17 ዓመት ኮይኖም፡ ውሱን ስልጠና ከም ዝወሰዱን፡ ካብ ሓደ ክሳብ ሽዱሽተ ወርሒ ወተሃደራዊ ትምህርቲ ከም ዝወሰዱን ይግለጽ። ብመሰረት ናብ ፍሉይ መርማሪ ዝበጽሐ ጸብጻባት፡ ኣብ መጀመርታ ደረጃታት ናይቲ ግጭት ብርክት ዝበሉ ህጻናት ከምዝተጎድኡ ወይ ከምዝሞቱ፡ ዓሰርተታት ድማ ስንክልና ዘስዕብ ከቢድ መጉዳእቲ ከምዝበጽሖም ተገሊጹ።

29. ሰራዊት ኤርትራ ካብ ትግራይ ጨውዩ ዝወሰዶም ስደተኛታት ‘ውን ኣብ መሳርዕ ተዋጋኢ ሰራዊት ከም ዝኣትው ተጌሩ (ኣብ ታሕቲ ሕጡበ ጽሑፍ ቁጽሪ 69 ርአ)።[12] እዚ ማለት፡ ኣብ ሕዳርን ታሕሳስን 2020፡ መዓስከራት ስደተኛታት ሕጻጽን ሽመልባን ምስ ተደምሰሱ፡ ብሓይሊ ናብ ኤርትራ ዝተመልሱ ስደተኛታት ዘጠቓለለ እዩ። መሰኻኽር ከም ዝሓበርዎ፡ ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ ፈለማ ዝተኣስሩ፡ ታሪኽ ሂወቶም ብሰበ-ስልጣን ድሕሪ ምግምጋሙ እዩ። ንኣሽቱ ቆልዑ፣ ኣደ ቆልዑ ዝኾና ደቂ ኣንስትዮን ብዕድመ ዝደፍኡ ደቂ ተባዕትዮን ድሕሪ ሓያሎ መዓልታት ክፍትሑ እንከለው፡ ንኹናት ብቑዓት ተባሂሎም ዝተገመቱ፡ ቁጽሮም ዘይተፈልጠ ደቂ ተባዕትዮን ዘይምርዑዋት ደቂ ኣንስትዮን፡ መርመራ ምስ ተገብረሎምን ንዝተወሰነ እዋን ኣብ ቀይዲ ምስ ጸንሑን፡ ብኣስገዳድ ኣብ ትግራይ ከይዶም ክዋግኡ ከም ዝተወሰዱ ይግለጽ። ሓደስቲ ዝተመዝገቡ ስደተኛታት፡ ምስቶም ብግፋ ኣብ ከም በዓል ኣፍዓበትን ኮርመናዕን ዝኣመሰላ ማእከላት ስልጠና ዝተኣከቡ ግዱዳት ዓሳክር ብሓባር ወተሃደራዊ ስልጠና ወሲዶም። ድሕሪኡ ናብ ግንባር ተዋፊሮም።

30. ብተወሳኺ፡ ኣብ ሲቪላዊ ጽፍሕታት ሃገራዊ ኣገልግሎቶም ዘካይዱ ዝነበሩ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ኤርትራውያን ናብ ንጡፍ ወተሃደራዊ ዕማማት ከም ዝተዋፈሩ ይግለጽ። ክሳብ 70 ዝዕድሚኦም ደቂ

[12] A/HRC/47/21, paras. 63, 65 and 68 [እዚ ዝተጠቕሰ ሰነድ ተመልከት]።

ተባዕትዮ እውን ኣብ ንጡፍ ውትህድርና ተዓስኪሮም ናይ ፖሊስን ጸጥታን ስራሕ ክሰርሑ ተገዲዶም። መናእሰይ ናብ ግንባር ተላኢኾም።

31. ኣብ ልዕሊ ገዛእ ርእሰምን ስድራ ቤቶምን ብሰሪ ዘጋጥም ከቢድ መቕጻዕቲ ተገዲዶም ኣብ ኲናት ኢትዮጵያ ዝሳተፉ ዘለዉ ዓሳክር ኤርትራውያን፡ ኲነታቶም ከም ዘሻቕሎ ፍሉይ መርማሪ ይገልጽ። ከምቲ ኣቐዲሙ ብጸብጸባት ፍሉይ መርማርን መርማሪት ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኤርትራን ዝተሰነደ፡[13] ካብ ሃገራዊ ኣገልግሎትን ግዱድ ዕስክርናን ዝሃድሙ ሰባት፡ ብኣዝዩ ዘስካሕክሕ፣ ኢሰብኣውን ኣዋራድን ኣገባባት መቕጻዕትን መግረፍትን እዮም ዝቕጽዑ። እዚ ጸብጻብ ኣብ ዝተዳለወሉ እዋን፡ ካብ ትግራይ ወይ ‘ውን ካብ ኤርትራ ካብ ወተሃደራዊ ሰልጠና ክሃድሙ ዝፈተኑ ሰባት፡ ብዘይ ሕጋዊ ኣገባብ ከም ዝተረሸኑ ዝሕብር ጸብጸባት ፍሉይ መርማሪ ሰሚዑ። ናይ ዓይኒ መሰኻኽር ከም ዝሓበርዎ፡ ፍሉይ ናይ ምቁጽጻር ዕማም ዝተዋህበም ፍሉያት ኣሃዱታት ንኹነታት ዓሳክር ብቐረባ ከም ዝከታተልዎ ገሊጾም። ፍሉይ መርማሪ፡ ካብ ኤርትራ ድሕሪ ምህዳሞም ወለዶም ዝተኣስርዎም ሰባት ‘ውን ኣዘራሪቡ። ንወለዲ ንምቕጻዕ ወይ ‘ውን ኣምሰያ ዝሃደመ ውላድ ንወላዲ ምዕስካር ተባሂሉ ዝውሰድ ስጉምቲ እዩ። ሓደ ሰብ ንግዱድ ዕስክርና ብዝቐርበሉ ጻውዒት መሰረት እንተዘይከቲቱ፡ ስድራ ቤቱ ብምሉኦም ናይ ኣስቤዛ ኩፖን ይሕደጉ።

32. ገደብ ኣልቦ ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ሰብኣዊ መሰላት ብዝሰፍሐ መልክዑ ኣብ ረብሓ ንኸይውዕል ከቢድ ጽልዋ ከም ዝገብር ፍሉይ መርማሪ የስምረሉ። ምስ’ዚ ብዝተኣሳሰር ናይ መቕጻዕቲ ሓደጋታት፡ ኤርትራውያን ብኽብረት ናይ ምስራሕ መሰሎም ይግሃስ፣ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ዜጋታት፡ ብኣዝዩ ውሑድ ደሞዝ ክሰርሑ ይግደዱ፣ ብመንግስቲ ኣብ ዝምእዘን ግዱድ ዕዮ ይቘረኑ፣ ናይ ሞያን ቦታ ስራሕን ምርጫኦም ‘ውን ይንፈጉ። ኣብ ውትህድርና ብኣስገዳድ ዝተዓስከሩ ሰባት፡ ስድራ ቤቶም ብስሩዕ ንኽበጽሑ ፍቓድ ይኽልከሉ። መብዛሕትኡ ግዜ ንዓመታት ዝቕጽል ጸገም ስለ ዝኾነ፡ ከም ስድራ ተጠርኒፍካ ናይ ምንባር መሰል ዝግህስ እዩ። እቲ ኣብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ንዓሳክር ዝወሃብ፡ ካብ ትካቦ (ፈውሲ ግስም) ዘይሓልፍ ሞሳ፡ ኣሽንኳይዶ ስድራቤት ክጥውር፡ መሰረታዊ ናይ ናብራ ወጻኢታት ንምሽፋን ‘ውን እኹል ኣይኮነን። ብሰሪ’ዚ፡ ከም መግቢ፣ ጥዕናን እኹል መንበሪ ኣባይቲ ናይ ምርካብ ዝኣመሰሉ መባእታዊ መሰላት ምሒር ይህሰዩ። ኤርትራውያን፡ በቲ ሓደ ወገን ኣብ ናይ መግቢ ኩፖንን ዘይእኹል መንግስታዊ ኣገልግሎትን፡ በቲ ካልእ ወገን ድማ ካብ ናይ ዲያስፖራ ኣዝማድ ኣብ ዝለኣኽ ገንዘብ ተቐርቂሮም፡ ኣብ ናይ ድኽነትን ተቓላዕነትን ዓንኬል ተዓጽዮም ይርከቡ።

33. ደረት ኣልቦ ግዱድ ዕስክርና፡ ንውልቀ ተበግሶን ድርኺትን መንእሰያት ኤርትራውያን ’ውን ጸልይዎ። ብሰንኩ፡ ሰብ ሞያን ዝተማህሩን ኤርትራውያን ካብታ ሃገር ቀጻሊ ስለ ዝሃድሙ፡ ከቢድ ጸገም “ፍሰት ሓንጎል” (ስደት ምሁር ኣካል) ኣኸቲሉ። ብሰሪ’ዚ (ኩሉ ዝርካቡ በዓል ሞያን ምሁርን ካብ ሃገር ብምውጽኡ) ኣገልግሎት ጥዕና፣ ትምህርትን ካልእን፡ ዓይነቱን ተባጻሕነቱን ምሒር ተበዲሁ።

34. ናይ መወዳእታ ዓመተ-ትምህርቲ፡ ኣብ ወተሃደራዊ መዓስከር ሳዋ ምስ ዝወሃብ ወተሃደራዊ ስልጠና ተተሓሒዙ ይቕጽል ብምህላዉ፡ መባእታዊ መሰል ትምህቲ ብኸቢድ ተጸልዩ ይርከብ። ኣብ ሳዋ ዝርከቡ ተማሃሮ፡ ናብርኦም ኣብ ትሕቲ ወተሃደራዊ ምሕደራ ብምዃኑ፡ ንስቅያት፣ ኢሰብኣውን ኣዋራድን ኣተሓሕዛ ዝተቓልዑ እዮም። ኣብ ጽኑዕ ስልጠናን ኣድካሚ ስራሕን ዝተቖርኑ እዮም። ኣብ ሳዋ ድሕሪ ዝወሰድዎ ስልጠና፡ ኣብ ዓመት ናብ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ ንምስግጋር ዘድሊ ነጥቢ ዝረኽቡ ተማሃሮ ውሑዳት እዮም። ከም ውጽኢቱ ድማ፡ ናብ ኮለጃት ናይ ዝቕጽሉ ቁጽሪ ተመሃሮ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናነከየ ከይዱ። ካብቶም ኮለጃት ዝበጽሑ ‘ውን ቁጽሪ ተመረቕቲ ውሑድ እዩ። ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ግፋ ብምብርትዑ፡ ናብ ቅድመ-ግንባር ናይ ምኻድ ዕድል ‘ውን እንዳሰፈሐ ከይዱ። ብሰሪ’ዚ ናብ ግዱድ ዕስክርና ከይግፈፉ ናይ ዝፈርሑ ሰባት ቁጽሪ እንዳዛየደ መጺኡ። ገለ መሰኻኽር ከም ዝሓበርዎ፡ ደቂ 11ን 12ን ከይተረፉ ትምህርቶም እንዳቋረጹ ይሕብኡ ኣለዉ (ከይገፈፉ መታን)።

35. ኣብ መቓን ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ኣብ ልዕሊ መንእሰያት ደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን ዝፍጸም ጾታዊ ዓመጽን በደልን ዝምልከት ጥርዓናት ‘ውን ፍሉይ መርማሪ ምቕባል ቀጺሉ። መንግስቲ ነቲ ብደቂ ኣንስትዮ ዝቐርብ ጥርዓናት ጸማም እዝኒ ምሃብ ቀጺሉ። ኣብ ልዕሊ ኣባላት ሃገራዊ ኣገልግሎት ጾታዊ ዓመጽን ግህሰትን ብምፍጻሙ ዝተፈርደ ወይ ዝተኸሰ ውልቀሰብ የለን። ኣብዚ መዳይ’ዚ ቅድሚ ሕጂ ብፍሉይ መርማሪ፣ ብመርማሪት ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኤርትራን ሽማግለ ምውጋድ ኣድልዎ ደቂ ኣንስትዮን ዝቐረበ ለበዋታት፡[14] ከምኡ ’ውን መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ሳልሳይ ዑደት ናይ ኣድማሳዊ

---

[13] A/HRC/29/CRP.1, paras. 1241–1244 [እዚ ዝተጠቕሰ ሰነድ ተመልከት]።

[14] A/HRC/35/39, paras. 62 and 78; A/HRC/47/21, paras. 81 and 84; A/HRC/29/CRP.1, para. 1534; and CEDAW/C/ERI/CO/6, paras. 23–26 [[እዚ ዝተጠቕሰ ሰነዳት ተመልከት]።

ገምጋም እታ ሃገር ዝተቐበሎ ለበዋታት፡ እዚ ማለት ንጾታዊ ማዕርነትን ምሕያል መሰል ደቂ ኣንስትዮን ከምኡ 'ውን ንደቂ ኣንስትዮ ካብ ጾታውን ጾታ መሰረት ዝገበረን ዓመጽ ንምክልኻልን ዝምልከት ለበዋታት፡ እንተላይ ንበደልቲ ብሕጊ ከም ሕዝተቱ ምግባር ዝብል ለበዋታት ከተግብር ፍሉይ መርማሪ ይላቦ።[15]

## 7. ልዕልና ሕግን ትካላት ምምሕዳር ፍትሕን

### ሀ. ትካላዊ መቓን

36. ሰብኣዊ መሰላት ብኣድማዒ መንገዲ ንምሕላውን ንምርግጋጽን ዘድሊ፡ መሰረታዊ ዝበሃል ትካላዊ ትሕተ-ቅርጺ ንምምዕባል ኤርትራ ዘመዝገበቶ ምዕባለ የለን። ኣብታ ሃገር ብኩራት ልዕልና ሕጊ ሕጂ 'ውን ግሁድ እዩ። ናይ 1997 ቅዋም ተተግቢሩ ኣይፈልጥን። ስልጣን ኣብ ኢድ ፕረዚደንት ዝተዋህለለ እዩ። ምምቕራሕ ስልጣን ዝበሃል የለን። ኤርትራ ከም ሃገር፡ ሕግታትን መምርሕታትን ዝነደፍን ዝእውጅን ሃገራዊ ባይቶ፡ ከምኡ 'ውን ፍትሓውን ምዕሩይን ኣተገባብራ ሕጊ ዘረጋግጽ ናጻ ፍርዳዊ ኣካል የብላን። ኣብ መንጎ ሓጋጊ ኣካል፣ ፈጻሚ ኣካልን ፍርዳዊ ኣካልን ናይ መንግስቲ ዝግበር ምምቕራሕ ስልጣን፡ ንተበጻሕነት ፍትሕን ንተሓታትነት ግህሰት ሰብኣዊ መሰላትን ወሳኒ ምዃኑ ፍሉይ መርማሪ ከስምረሉ ይደሊ።

37. ልዕልና ሕጊ ዘሰስንን ፍትሒ ዝፈረድን ናጻ ትካላት ብዘይ ምህላዉ፡ ኩነታት ሰብኣዊ መሰላት ናይታ ሃገር ነዊሕ ክጸንሕ ዝኽእል ዕንወት ይወርዶ ከም ዘለዎ ፍሉይ መርማሪ የተሓሳስብ። ኣብ 2019 ኣብ ዝተኻየደ ኣድማሳዊ ገምጋም ናይታ ሃገር፡ ንምሕያል ትካላት ፍትሒ ዝሕግዝ ሕግታት ከተግብር፣ ነዚ ዝሕግዝ ዘድሊ ትካላዊ ህንጸት ከካይድ፣ ከምኡ 'ውን ንኢደ ወነናዊ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት መግትኢ ክገብረሉ ምኳኑ መንግስቲ ተሰማሚዑ እኳ እንተነበረ፡ ብጭቡጥ ግን ዝተወስደ ግብራዊ ስምጉምታት የለን።[16] መንግስቲ ኤርትራ፡ ንኢደ ወነናዊ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት ክፍውስ ዘይምኽኣሉ፡ ግዳያት 'ውን ፍትሕን ካሕሳን ዝረኽቡሉ ዕድል ክፈጥር ዘይምኽኣሉ፡ ፍሉይ መርማሪ ከም ዘተሓሳሰቦ ይገልጽ።

### ለ. መሰል ግቡእ መስርሕ ፍርዲ ዝጥሕስ ግህሰታት

38. ኣንጻር መንግስቲ ዝቖንዐ ፖለቲካዊ መርገጺ ኣለዎም ዝበሃሉ ሰባት፡ ሕጂ 'ውን ንዝተናውሐ እዋን፡ ሕጋዊ መስርሕ ብዘይ ተኸተለ ኣገባብን ኣሰራርሓን ኣብ ቀይዲ ይርከቡ። ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ብወገን መንግስቲ ናይ ፖሊሲ ለውጢ የለን። ኣብ 2019 ኣብ ዝተገብረ ኣድማሳዊ ገምጋም ናይ ኤርትራ፡ እታ ሃገር፡ መሰል ሓርነት፣ መሰል ውልቃዊ ውሕስነት፣ መሰል ፍትሓዊ ፍርዲ ክኽበሩ ዝሕግዙ ስጉምትታት ከም እትወስድ ቃል እኳ እንተኣተወት፡ ብዛዕባ ዝተወስዱ ስጉምታት ክሳብ ሕጂ ንፍሉይ መርማሪ ካብ መንግስቲ ኤርትራ ዝቐረበሉ ሓበሬታ የለን።

39. ሲቪላዊ ፖሊስ፣ ወተሃደራዊ ፖሊስን ኣገልግሎት ውሽጣዊ ጸጥታን፡ ውሕስነት ግቡእ መስርሕ ከይተኸተሉ፡ ዜጋታት ብቐጻሊ ይኣስሩ ነይሮም። እዚ ጸብጻብ ኣብ ዝተዳለወሉ እዋን፡ ካብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ሃዲምኩም ዝተበሃሉ ሰባት (ብሃዳምነት ዝኽሰሱ)፡ ዝቐረበሎም ክስታት ብሕጋዊ መገዲ ክምክቱ ዕድል ከይተውሃቦም ይትሓዙን ይእሰሩን ከም ዝነበሩ ዝሕብር ብርክት ዝበለ ጸብጻባት ፍሉይ መርማሪ ተቐቢሉ። ፍሉይ መርማሪ፡ “መቕጻዕቲ ብውክልና” ዝብል ጉዳያት 'ውን ሰኒዱ። ኣዝማድ ናይቶም ብሃዳምነት ዝኽሰሱ ሰባት፡ ኣብ ክንዲ ዝሃደሙ ወይ ካብ ሃገር ዝወጹ ውልቀ-ሰባት ብማእሰርቲ ዝቕጽዑሉ ዘይሕጋዊ ኣገባብ እዩ። ካልኦት እሱራት ድማ ምኽንያት ማእሰርቶም ከይተሓበሩን ብዘይ ናይ ማእሰርቲ ትእዛዝን ተታሒዞም። እዚ ናይ ቀረባ እዋን ፍጻሜታት፡ ነቲ ቅድሚ ሕጂ ብፍሉይ መርማሪን መርማሪት ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኤርትራን ተሰኒዱን ተጸብጺቡን ዝነበረ ቀጻሊ ጸገም ናይ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት ዘራጉድ እዩ።

---

15 A/HRC/26/13/Add.1, sect. I [እዚ ዝተጠቕሰ ሰነድ ተመልከት]።

16 ኢቢደም (ልክዕ ከም ኣብ ላዕሊ)።

## ሐ. ኩነታት መቐየዲ በታታት

40. ፍሉይ መርማሪ፡ ብዛዕባ ኩነታት እሱራት ሻቕሎት ኣለዎ። ብዙሓት ካብኣቶም ንነዊሕ እዋን ኣብ ማእሰርቲ ተታሒዞም ዝጸንሑ እዮም። ገሊኦም ምስ ምንዋሕ ግዜ ሕዱር ሕማማት ኣማዕቢሎም። ብሰንኪ እቲ ዘስካሕክሕ ናይ ማእሰርቲ ኩነታት ጥዕና ካልኦት ‘ውን ተበላሽዩ። ኣብ ማእሰርቲ ሕክምናዊ ረድኤት ምርካብ ዳርጋ ዘይሕሰብ እዩ። መብዛሕትኡ ግዜ እሱራት ኩነታቶም ክሳብ ዝኸብድ ናብ ሆስፒታል ኣይውሰዱን። እሱራት ዋላ ከቢድ ሕክምናዊ ኩነታት እናሃለዎም፡ ካብ ሆስቲፓላት ሕክምናዊ ረድኤት ዝረኽብሉ ኣጋጣምታት ውሑድን ሳሕትን እዩ። ሕዱር ናይ ጥዕና ጸገም ዘለዎም እሱራት፡ መድሃኒት ወይ ሕክምና ናይ ምርካብ ዕድሎም ኣዝዩ ድሩት ስለ ዝኾነ፡ ሂወቶም ኣብ ሓደጋ ይወድቕ። ፍሉይ መርማሪ፡ ዝተጋደደ ጸገም ሕክምናዊ ክንክን ዘለዎምን ጥዕንኦም ድማ ኣብ ሕማቕ ኩነታት ብዛዕባ ዝርከብን እሱራት ዝምልከት ሓበሬታ ረኺቡ፤ ገሊኦም ሕክምና ክረኽቡ እናተጸበዩ ሞይቶም።

41. ፍሉጥ መትከል ሰብኣዊ መሰላት ብዝጥሕስ ኣሰራርሓ ሸርበት ሃለዋት ዘጋጠሞም (ሃለዋቶም ዝተሸርበ)፡ ከምኡ ‘ውን ብዘይ ሕጋዊ መሰርሕ ኣብ ምስጢራዊ መቐየዲ በታታት ተኣሲሮም ዝርከቡ ሰባት ኩነታቶም ዘሻቕል ምዃኑ ፍሉይ መርማሪ መዚኑ። ኣብ ማእከል ከተማታት፡ ብቐሊሉ ቤት ማእሰርቲ ወይ መዳጎኒ ተባሂሎም ክልለዩ ዘይክእሉ፡ ብ “ቪላታት” ዝፍለጡ ምስጢራዊ መዳጎኒ በታታት ከም ዘለዉ፡ ፍሉይ መርማሪ ካብ ምስክርነት ሰባት ሰሚዑ። ገሊኦም ኣብቲ “ቪላታት” ተኣሲሮም ዝነበሩ እዮም። ንስርርዕ ኣብያተ ማእሰርቲ ብዝምልከት ግሉጽነት ስለ ዘየለ፡ እቲ ልክዕ ቁጽሪ ናይ ኣብ ከምዚኦም ዝበሉ ምስጢራዊ በታታት ዝተኣሰሩ ሰባት ምፍላጥ ዝከኣል ኣይኮነን። ግምታዊ ብዝሒ ናይቶም ዝስወሩ ሰባት ኣብ ሕሳብ ብምእታው ግን፡ እዚ ጸብጻብ ክሳብ ዝቐረበሉ ግዜ እቲ ተግባር ብዝሰፍሐ ይቕጽል ምህላዉ ምግማት ይከኣል። ኣዝማድ ግዳያት ሸርበት ሃለዋት፡ መቕርቦም ብዛዕባ ዝተኣስሩሉ በታታት፣ ብዛዕባ ጥዕንኦምን ካልእ ኩነታቶምን እኹል ሓበሬታ መታን ክረኽቡ፡ መንግስቲ ኤርትራ ነቶም ሰባት ኣበይ ከም ዝቐየዶም ንመቕርቦም ከፍልጥ፡ ነዚ ጉዳይ’ዚ ብዝምልከት ድማ ግሉጽነት ዘለዎ ኣሰራርሓ ከተኣታቱ ፍሉይ መርማሪ ጸውዒቱ የቕርብ።

42. ፍሉይ መርማሪ፡ ኣብዘም ዝስዕቡ ዕሉላት መዳጎንታት ተኣሲሮም ብዛዕባ ዘለዉ ግዳያት ‘ውን ምስክርነት ሰሚዑ፡- ዓዲ ኣቤቶ፣ ዒራዒሮ፣ ዓዲ ኂላ፣ ባረንቱ፣ ገደም፣ ጋሕተላይ፣ ማይ ዕዳጋ፣ መዕጥር፣ ፕሪማ ካንትርን ዊዓን። ኩሎም እቶም ምስክርነታት፡ ብዘይ ኣፈላላይ፡ ኢሰብኣውን ዘስካሕክሕን ኩነታት ማእሰርቲ፣ ልዕሊ ዓቕን ዝኸደ ጽቕጥቅጥ እሱራት፣ ሕጽረት መግቢ፡ ማይን ጽሬትን፣ ዘይብቑዕ ወይ ፈጺሙ ዘይርከብ ሕክምናዊ ክንክን፣ መግረፍትን ኣዋራድን ኣተሓሕዛ ከም ዘጋጥም ገሊጾም። ኤርትራ፡ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት ናይቶም ናጽነቶም ዝተነፍጎም ሰባት ንምውሓስ፡ ከምኡ ’ውን እሱራት ካብ ስቅያትን ካልእ ኢሰብኣዊ ወይ ኣዋራዲ ኣተሓሕዛን ንምክልኻል፡ ግቡእ ናይ ምክትታልን መርመራን ኣገባባት ብምትእትታው፡ ዘድሊ ስጉምትታት ክትወስድ ይግባእ። ናጽነቶም ዝተሓረሙ ሰባት (እሱራት) ብሰብኣውነትን ክብርን ክተሓዙ ይግባእ። ነዚ ንምትግባር፡ ኣተሓሕዝኦም ምስ ናይ ሕቡራት ሃገራት መምዘንታት ንኣተሓሕዛ እሱራት (ሕግታት ኔልሰን ማንዴላ) ዝሳነ ከም ዝኾነ ናይ ምርግጋጽ ግዴታ ኣለዋ፡ ኤርትራ።

# 8. ሲቪካውን ዲሞክራስያንው ዕድላት

## ሀ. ብማሕበር ናይ ምውዳብን ሓሳብካ ናይ ምግላጽን ሓርነታት

43. ሲቪካዊ ዕድላት ኣብ ኤርትራ ብጽኑዕ ተዓጽዩ ይርከብ። ዝኾነ ይኹን ንመንግስቲ ዝቃወም ርእይቶ ወይ ድምጺ፡ ተሪር ዓፈናን ጸቕጥን የጋጥሞ። ብሰሪ’ዚ፡ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ መራሕትን ኣባላትን ሃይማኖታዊ ጉጅለታት፣ ካብ መንግስቲ ዝተፈለየ ፖለቲካዊ መርገጺ ዘለዎም ሰባትን ተደናገጽቶምን፣ ተሓለቕቲ ሰብኣዊ መሰላት (ደለይቲ ፍትሒ)፣ ጋዜጠኛታትን ካብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ከምልጡ ዝደልዩ ዜጋታትን ብማእሰርትን ብሸርበት ሃለዋትን ምግፍፆም ቀጺሉ ይርከብ። ኣንጻር መንግስቲ ዝቖመ ፖለቲካዊ መርገጺ ዘለዎም ሰባት ብኣልማማን ብደይ-መደይን ናይ ምግፋዕ ጸገም (ምእሳርን ሃለዋት ምሽራብን) መግትኢ ስለ ዘይተገብረሉ፡ ፍርሒ ነጊሱ ኣሎ። ብሰሪ’ዚ ድማ፡ ሓሳብካ ብናጻ ናይ ምግላጽን ብማሕበር ናይ ምውዳብን መሰላት ብዘይ ንሕስያ ተጨኪኑ ይርከብ።

44. ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ ህዝባውን ሃገራውን ዋኒኑ ውክልናውን ነጻን ተሳትፎ ንኽህልዎ ዘኽእል ዝኾነ ዕድላት ወይ  ምዕባለታት ኣይተራእየን። ኣብ ዲያስፖራ ዝመደበሮም ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ ሓይልታት (ተቓወምቲ) ከም ዘለዉ ርዱእ ኮይኑ፡ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ግን እቲ እንኮ ብወግዒ ክነጥፍ ዝተፈቕደሉን ስልጣን ዘለዎን ሰልፊ፡ ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራስን ፍትሕን እዩ። ሰበ-ስልጣን ኤርትራ፡

ንፖለቲካዊ ውዳበን ተሳትፎን ኤርትራውያን ኣብ ዲያስፖራ ናይ ምዕንቃፍ ፈተነ ኣካይዶም (ኣብ ታሕቲ ሕጡበ-ጽሑፍ 60 ርአ)።

45. ሕጂ 'ውን ካብ ውሽጢ ሃገር ዝፍኖ ናጻ ናይ ዜና ማዕከን ወይ ጸብጻብ የለን። ንልዕሊ ዓሰርተ ዓመታት፡ ኤርትራ ካብ ሞንጎ 180 ሃገራት ዓለም፡ ብመዐቀኒ ናጽነት ፕረስ፡ ኣብ ናይ መወዳእታ ተርታ ተሰሪዓ ትርከብ።[17] ሽማግለ ሓለዋ ጋዜጠኛታት፡ ኣብ ናይ 2019 ጸብጻቡ፡ ኤርትራ ኣብ ዓለም ዝበርትዐ ሳንሱር (ምምያ ስራሕ ጋዜጠኝነት) ዝግበረላ ሃገር ክብል ጠቒስዋ።[18] ተሃዋሲ ተባሂሉ ዝሕሰብ ሓበሬታ ይዕፈን፤ ንኹሎም ዓይነት ጉዳያት ንምጽብጻብ፣ ንምስናድ ወይ ንምቅላዕ ዝግበር ፈተነታት ድማ ብጽኑዕ ይጽቀጥ። ሽወደናዊ-ኤርትራዊ ጋዜጠኛን ጸሓፍን ዳዊት ኢሳቕ ዝርከቦም 16 ጋዜጠኛታት፡ ክሳብ ሕጂ ንልዕሊ 20 ዓመታት ደሃዮም ኣይተረኽበን። ኣብ ስዉርን ምስ ስድራ ቤቶም ክራኸብሉ ኣብ ዘይክእልሉን፡ ዘይተፈልጠ ቤት ማእሰርቲ ተታሒዞም ኣለዉ። ዋላ'ኳ ብዝኾነ ገበን ተኸሲሶም ወይ ናብ ቤት ፍርዲ ቀሪቦም ዘይፈልጡ እንተኾኑ፡ ኣብ 2001 ሰበ-ስልጣን ንኹለን ነጻ መራኸቢ ብዙሃን ካብ ዝዓጸውሉ ግዜ ጀሚሩ ክሳብ ሕጂ ኣብ ማእሰርቲ ይርከቡ። ኣብ ዓለም ንዝነውሐ እዋን ዝተኣስሩ ጋዜጠኛታት ኮይኖም ኣለዉ። ብተወሳኺ፡ ብዛዕባ ኣባላት ናይቶም ብ"ጉጅለ 15" ዝፍለጡን ኣብ 2001 ዝተኣስሩን 11 ሰብ-መዚ ነበር ዝምልከት ሓበሬታ የለን። ሓያሎ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከምዝሞቱ ይእመን። ፍሉይ መርማሪ፡ ሰበ-ስልጣን ኤርትራ ብዛዕባ ሃለዋቶምን ኩነታት ጥዕንኦምን ሓበሬታ ክህቡ ሕጂ 'ውን ምሕጽንታኡ የቕርብ።

## ለ. ናይ ሃይማኖት ወይ እምነት ሓርነት

46. ካብተን ኣርባዕተ ብወግዒ ተፈላጥነት ዘለወን ሃይማኖታታት፡ ማለት እስልምና (ሱኒ)፣ ተዋህዶ፣ ካቶሊክን ፕሮተስታንትን (ከንሻ)፡ ካብዚኣን ወጻኢ ዘለዉ ተኸተልቲ ካልኦት ሃይማኖታት፡ ናይ እምነት ናጽነቶም ብመንግስቲ ተኸልኪሉ ይርከብ። ሰበ-ስልጣን መንግስቲ ኣብ ድያስፖራ ከይተረፈ 'ውን ኣብ ጉዳይ ሃይማኖትን እምነትን ምትእታው ኣይገደፉን (ሕጡበ-ጽሑፍ 64 ርአ)።

47. ኣቡነ ኣንጦንዮስ፡ ፓትርያርክ ኦርቶዶክሳዊት ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ፡ ብዕለት 9 ለካቲት 2022 ኣብ መበል 94 ዕድሚኦም ካብዛ ዓለም ብሞት ተፈልዮም። ኣቡነ ኣንጦንዮስ፡ ካብ ጥሪ 2006 ጀሚሮም ካብ መንበረ ክህነቶም ብዓመጽ ተገሊፎምን ኣብ ትሕቲ ቀይድን እዮም ኔሮም። እዚ ዝኾነ፡ ማእሰርቲ ገለ ካህናት ስለ ዘተቓወሙ፣ 3000 ዝኾኑ ሰዓብቲ ቤተ ትምህርቲ ሰንበት ብወግዒ ንኽውግዙ ዝቐረሎም ሕቶ ምቕባል ስለ ዝኣበዩ፣ ከምኡ 'ውን ምትእታው መንግስቲ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ናይታ ቤተክርስትያን ብጋህዲ ስለ እተቓወሙ እዩ። ኣቡነ ኣንጦንዮስ፡ ን16 ዓመታት ኣብ ናይ ገዛ ማሕዩር ተታሒዞም፣ ምስ ካልእ ዓለም ዝነበሮም ክርብ ተበቲኹ፣ ኣብ ሃይማኖታዊ ኣገልግሎታትን ንጥፈታትን ናይ ምስታፍ መሰሎም ድማ ተኸልኪሎምን ነበሩ። ከም ካልኦት ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ኣብ ኤርትራ ዘለዉ እሱራት፡ ንሶም 'ውን፡ ዳኛ ዝፈልጦን ብወግዒ ዝቐረበሎምን ክሲ ኣይነበረን። ብሕማም ሽኮርን ልዑል ጸቕጢ ደምን ይሳቐዩ እኳ እንተነበሩ፡ እኹል ሕክምናዊ ክንክን ተኸልኪሎም ከም ዝነበሩ'ዩ ዝግለጽ። ሰዓብቲ ፓትርያርክ ኣቡነ ኣንጦንዮስ 'ውን ናይ መንግስቲ ጸቕጢ የጋጥሞም ኔሩ። ስነ-ስርዓት ቀብሮም፡ ብዕለት 10 ለካቲት፡ ኣብ ኣቡነ እንድርያስ፡ ኣብቲ ካብ ወዲ ሓሙሽተ ዓመት ጀሚሮም ዝዓበዩሉ ገዳም፡ ክካየድ መንግስቲ ፈቒዱ። ንጽባሒቱ ንግሆ 11 ሰዓብቶም ካብቲ ንቕሎ ክወጹ ከለዉ ኣብ ሓደ መፈተሺ ነቑጣ ተታሒዞም። ድሕሪ ኣርባዕተ መዓልቲ ድማ ተፈቲሖም።

48. ኣብ 2020 መጀመርታ 2021ን፡ ብርክት ዝበሉ እሱራት ክርስትያን ዝተፈሕትሉ ተስፋ ዝብህ ምዕባለ ተራእዩ እኳ እንተበረ፡ እዚ ጸብጽብ ይቐርበሉ ኣብ ዘሎ እዋን ግን እቲ ዝተራእየ ኣወንታዊ ስጉምቲ፡ ብተጸራሪ ማእሰርቲ ናይ ካልኦት 47 ክስርስትያን ተሓንኪሩ። ኣብ ሓምለ 2021 ፡ ኣብ ሰብዓታት ዝዕድሚኦም ክልተ ኣቕሽቲ ናይ ኢቫንጀሊካዊት (ወንጌላዊት) ቤተ ክርስትያን ኣብ ኣስመራ ተኣሲሮም፤ ሳልሳይ ድማ ኣብ ናይ ገዛ ማእሰርቲ ኣትዩ። ሓደ ካብዚኣቶም ኣቐዲሙ ንሓሙሽተ ዓመታት ተኣሲሩ ዝነበረን ቅድሚ ሸውዓተ ዓመት እተፈትሐን እዩ። ናብቲ ብወንጀል ምርመራ ዝፍለጥ፡ ካልኦት ሓያሎ ፓስተራት ንዓመታት ከም ዝተኣስሩሉ ዝግለጽ መመርመርን መዳጎንን ከም ዝተወሰዱ ይሕበር። ኣብ መስከረም 2021፡ መንግስቲ ካልኦት 15 ክርስትያን ዳግማይ ኣሲሩ። ኣቐዲሞም ካብ 5 ክሳብ 16 ዓመታት ተኣሲሮም ዝነበሩን ኣብ ክራማት 2020 ዝተፈትሑን እዮም። መዝገብ ናይ ክርስታያናት ምስ ተረኸበ፡ ዳግም ከም እተታሕዙን ኣብ ማይ ስርዋ ተኣሲሮም ከም ዝርከቡን ይሕበር። ኣብ መጋቢት

---

[17] ኣብዚ ዝስዕብ መላግቦ ተመልከት፡- https://rsf.org/en/ranking.

[18] ኣብዚ ዝስዕብ መላግቦ ተመልከት፡- https://cpj.org/2019/09/eritrea-north-korea-turkmenistan-top-most-censored-list/.

2022 'ውን 12 ደቂ ተባዕትዮን 17 ደቂ ኣንስትዮን፡ ብኣጠቓላሊ 29 ኢቫንጀሊካውያን ክርስታያናት፡ ብብሕቲ ክጽልዩ ምስ ተረኽቡ፡ ናብ ማይ ስርዋ ተወሲዶም ከም እተሓበሱ ይግለጽ።

49. ናይ የሆዋ መሰኻኽር፡ ኣብ ፖለቲካ ዘይምእታውን ወተሃደራዊ ኣገልግሎት ዘይምፍጻምን ብዝብል ምስ ሃይማኖቶም ብዝተሓሓዝ መርገጺ፡ መግፋዕቲ ይወርዶም። ክሳብ ሚያዝያ 2022 ኣብ ዝነበረ ግዜ፡ 20 ናይ የሆዋ መሰኻኽር (14 ሰብኡትን 6 ኣንስትን) ብሰንኪ እምነቶም ተኣሲሮም ይርከቡ። ፍሉይ መርማሪ፡ ቅድሚ ሕጂ 'ውን ከም ዝተማሕጸኖ፡ መንግስቲ ኤርትራ ነቶም ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዘለዉ ተኸተልቲ ናይዚ እምነት ክፈትሖምን፡ ምስ ሃይማኖታዊ እምነቶም ብዝሰማማዕ መገዲ ኣብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ብሲቪላዊ ተሳትፎ ዝነጥፍሉ ዕድላት ከመቻችእን ደጊሙ ጸውዒቱ የቕርብ።[19]

50. ፍሉይ መርማሪ፡ መሰል ናጽነት ሃይማኖት ኣብ ዓንቀጽ 18 ናይ ኣህጉራዊ ውዕል ንሲቪላውን ፖለቲካውን መሰላት ዝሰፈረ መትከል ምዃኑ ብምዝኽኻር፡ መንግስቲ ኤርትራ ነቶም ብሃይማኖታዊ እምነቶም ዝተኣስሩ ክፈትሖምን ኩሎም ኤርትራውያን ድማ ብመሰረት ናይ እምነት መሰሎም ብናጻ ክነብሩ ክፈቕድሎምን ጸውዒቱ የቕርብ።

## 9. ኩነታት ኤርትራውያን ስደተኛታትን ሓተትቲ ዑቕባን

51. ብሰሪ እቲ ዘሕዝን ኩነታት ሰብኣዊ መሰላት፡ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ኤርትራውያን ሕጂ 'ውን ካብታ ሃገር ይሃድሙ ኣለዉ። ጸብጻባት ቤት ጽሕፈት ላዕለዋይ ኮሚሽነር/ተጸዋዒ ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት ከም ዘመልክቶ፡ ኣብ ምሉእ ዓለም 580 000 ኤርትራውያን ሓተትቲ ዑቕባን ስደተኛታትን ኣለዉ (16 ሚእታዊት ካብ ህዝቢ ኤርትራ)።[20] እቶም ዝበዝሑ፡ ካብታ ሃገር ዝሃደሙሉ ቀንዲ ምኽንያት፡ ደረት ኣልቦ ሃገራዊ ኣገልግሎት ምዃኑ ጠቒሶም።

52. ኤርትራውያን ካብ ሃገሮም ክወጹ እንተኾይኖም መውጽኢ ቪዛ ክሓቱ ይግብኦም። ብሰንኪ'ቲ ኣብ ኢትዮጵያ ዝካየድ ዘሎ ኩናት፡ ከምኡ 'ውን ብሸነኽ ምብራቕ ምስ ሱዳን ኣብ ዘራኽብ ዶብ ብዘሎ ናይ ጸጥታ ጸገምን ጃምላዊ ማእሰርቲ ስደተኛታት ኣብ ሱዳንን፡ ካብ ኤርትራ ምውጻእ ኣዝዩ ኣጸጋሚ ኮይኑ ኣሎ። ከም ውጽኢቱ፡ ኤርትራውያን ናብ ዘይሕጋውያን ኣሰጋገርቲ ሰባት ክኸዱ ስለ ዝግደዱ፡ ኣብቲ መስርሕ ግዳይ ናይ ጭውያ፣ ከትሪ፣ ጾታዊ ዓመጽን ግህሰትን ኮይኖም ይርከቡ።

53. ፍሉይ መርማሪ፡ ተቐበልቲ ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ ዝኾና ሓያሎ ሃገራት ዝረአ ዘሎ ምዕባለታት ምክትታል ቀጺሉ። ምስ ካልኦት ፍሉያት መርመርቲ ናይ ሕቡራት ሃገራት ብምዃን፡ ኤርትራውያን ሓተትቲ ዑቕባ ካብ ግብጺ ናብ ኤርትራ ንምምላሶም ብዛዕባ ዝተገብረ መስርሕ፡ ንሓደገኛነቱ ኣጉሊሑ ተዛሪቡ።[21] ኣብ ሚያዝያ 2022፡ እቶም ፍሉያት መርመርቲ፡ ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ 2021 ከምኡ 'ውን ሚያዝያ 2022 ብግብጺ ዝተገብረ፡ ብውሑዱ ን68 ኤርትራውያን ዝምልከት ናይ ጥርዝያ መስርሕ ኮኒኖም።[22] ሓያሎ ካብቶም ዝተሰጎጉ ናብ ኤርትራ ካብ ዝምለሱ ንደሓር ደሃዮም ኣይተሰምዐን። ምስ ሰብ ኣብ ዘይራኽበሉ ቦታ ተኣሲሮም ከም ዘለዉ ይእመን።

54. ፍሉይ መርማሪ፡ ብዛዕባ ኩነታት ኤርትራውያን ኣብ ሱዳን ሻቕሎት ኣለዎ፤ ምኽንያቱ ሱዳን ካብ ምሉእ ዓለም እቶም ዝበዝሑ ኤርትራውያን ስደተኛታት ካብ ዘለወን ሃገራት ኣብ ካልኣይ ደረጃ ስለ እትርከብ።[23] ካብ መጀመርታ ለካቲት 2022 ጀሚሩ፡ ኣኽበርቲ ሕግን ሓይልታት ጸጥታን ሱዳን፡ ንኤርትራውያን ስደተኛታትን ሓተትቲ ዑቕባን ዒላማ ብምግባር፡ ኣብ ርእሰ ከተማ ካርቱም፡ ከምኡ 'ውን ኣብታ ጥቓ ኤርትራ ትርከብ ዶባዊት ከተማ ከሰላ፡ ኣማኢት ሰባት ኣኽቢቦም ብምሓዝ ብዘይ ሕጋዊ መስርሕ ኣሲሮሞም ኣለው። ፖሊስ፡ መንነት ወረቐት ዘይብሎም ወይ 'ውን መንበሪ ፍቓዶም ግዜኡ ንዝሓለፎ ሰባት ኣብ ቀይዲ ኣእትዮም። ኣብዚ ክፍለጥ ዘለዎ፡ ሰብ-መዚ ኢሚግሬሽን ሱዳን፡ ለበዳ ኮቪድ-19 ካብ ዝጅምር ኣትሒዙ፡ ምሕዳስ መንበሪ ወረቐት ደው ኣቢሎምዎ ከምዘለዉ እዩ። ከም

[19] A/HRC/38/50, para. 109; A/HRC/47/21, para. 81; and A/HRC/41/53, para. 40 [እዚ ዝተጠቕሰ ሰነድ ተመልከት]።

[20] ብመሰረት ጸብጻብ ሃገራዊ ቤት ጽሕፈት ስታቲስቲክስ፡ ኣብ 2015 ኤርትራ 3.65 ሚልዮን ብዝሒ ህዝቢ ከምዝነበራ ይፍለጥ።

[21] እዚ ዝስዕብ ሰነድን መላግቦን ተመልከት (EGY 13/2021)፦ https://spcommreports.ohchr.org/TMResultsBase/DownLoadPublicCommunicationFile?gId=26812.

[22] እዚ ዝስዕብ ሰነድ ተመልከት፦ https://www.ohchr.org/en/press-releases/2022/04/egypt-un-experts-condemn-expulsions-eritrean-asylum-seekers-despite-risks.

[23] ክሳብ ሚያዝያ 2022 ኣብ ዝነበረ ግዜ፡ እታ ሃገር 129 ሽሕ ኤርትራውያን ስደተኛታትን ሓተትቲ ዑቕባን ኣአንጊዳ።

ውጽኢቱ ድማ፡ ብርክት ዝበሉ ኤርትራውያን ኣብ ሱዳን ግዚኦም ዘሕለፉ ሰነዳትን ፍቓድን ሒዞም ስለ ዝርከቡ፡ ናይ ምሕዳስ ተኽእሎ የብሎምን።

55. ናይ 2015 ሕጊ ስደተኛታት ሱዳን፡ ንመሰል ስራሕ ስደተኛታት ኣፍልጦ ዝህብ እኳ እንተኾነ፡ ስደተኛታት ግን ብዘይ ፍቓድ ሰሪሖም ብዝብል፡ ካብ ናይ ስራሕ ቦትኦም ተታሒዞም፡ ብዓንቀጻት ሕጊ ዕዮ ሱዳን (ናይ 1997) ተኸሲሶም ኣብ ፍርዲ ቀሪቦም። ካልኦት ድማ ኣብ ምብራቕ ሱዳን ካብ ዝርከቡ መዓስከራት ስደተኛታት ወጻኢ ንምንቅስቓስ ሕጋዊ ፍቓድ ስለ ዘይነበሮም ተኣሲሮም። ብ15 ለካቲት 2022 ኣስታት 200 ኤርትራውያን፡ ኣብ ማእከላይ ቤት ፍርዲ ገበን ካርቱም ቀሪቦም ብሃታሃታ ተፈሪዶም። ነናይ 200 000 ፓውንድ ሱዳን (ኣስታት 40 ዶላር) ከቢድ መቕጻዕቲ ተዋሂብዎም።[24] መብዘሕትኦም ስደተኛታት ነቲ መቕጻዕቲ ክኸፍሉ ስለዘይከኣሉ፡ ነቲ መቕጻዕቲ ክኸፍሉሎም ዝኽእሉ ኣዝማድ ወይ ፈተውቲ ክሳብ ዝርከቡ ንዘይተወሰነ እዋን ናብ ቤት ማእሰርቲ ኣል ሁዳ ተወሲዶም። መሰኻኽርን ንበዕሎም ንኣድልዎ ዝተቓልዑ ኣባላት ማሕበረሰብ ኤርትራን፡ ነቲ "ከትሪ" ኢሎም ዝገለጽዎ ኣገባብ መቕጻዕቲ፣ ብኣኽበርቲ ሕጊ ሱዳን ዝግበር ዘይሕጋዊ ማእሰርቲ ኤርትራውያን ስደተኛታት፣ ከምኡ 'ውን ንኤርትራውያን ስደተኛታት ዝግበር ምፍርራሕ ኮኒኖም። ፍሉይ መርማሪ፡ መንግስቲ ሱዳን፡ ስደተኛታት ብዘይ ሕጊ ምእሳር ደው ከብልን መሰሎም ክሕሉን ይላቦ።

56. ፍሉይ መርማሪ፡ መንግስቲ ሱዳን ዝኸተሎ ንስደተኛታት ኣብ ውሱን ቦታ ከርዲንካ ናይ ምሓዝ ፖሊሲ፡ ናይ ስደተኛታት መባእታዊ መሰል፡ እንኮላይ ብሓርነት ናይ ምንቅስቓስ መሰል ዝድርት ብምዃኑ ሻቕሎቱ ይገልጽ።[25] ስደተኛታት ናይ ስራሕ ፍቓድ ንምርካብ ከቢድ ጸገማት ከምዘጋጥሞም፡ ነዚ ንምፍታሕ ዝሕግዝ ኣድማዒ ናይ ዑቕባ መስርሕ ከም ዘየለ፡ ከምኡ 'ውን ኣብቲ ሕብረተሰብ ንምውህሃድን ዜግነት ንምርካብን ዝሕግዝ ናይ ፖሊሲ ሃጓፋት ከም ዘሎ ፍሉይ መርማሪ የስተብህል።

57. ኲነታት ናይቶም ኣብ ሊብያ ተዓጽዮም ዘለዉ ኣስታት 5 ሽሕ ዝግመቱ ኤርትራውያን ስደተኛታት 'ውን ኣዝዩ ዘተሓሳስብ'ዩ። ኣብ ጥቅምቲ 2021፡ ሓደ መርማሪ ኣካልይ ናይ ሕቡራት ሃገራት ከም ዘረጋገጾ፡ ኣብ ሊብያ ብሰበ-ስልጣን መንግስቲ፡ ዕጡቓት ጉጅለታትን ኣሰጋገርትን ኣብ ልዕሊ ስደተኛታት ዝፍጸም ኣልማማውን ስሩዕን ዓመጽ፡ ገበናት ኣንጻር ሰብኣውነት ክኸውን ከም ዝኽእል ተሓቢሩ ኣሎ።[26] እዚ ጸብጻብ'ዚ ኣብ ዝቐረበሉ እዋን፡ ኣብ ሊብያ ብነጋዶ ደቂ-ሰብን ዕጡቓት ጉጅለታትት ተጨውዮም፡ ንኣዋርሕ ተታሒዞም፡ ኣብ ዲያስፖራ ካብ ዘለዉ ኣዝማዶም ብርክት ዝበለ ገንዘብ ንኽምንዝዑ መታን ተጨውዮም ናይ ዝተታሕዙን ዝሳቐዩ ዘለውን ኤርትራውያን ዘሕዝን ምስክርነት ፍሉይ መርማሪ ሰሚዑ። እተን ቃለ መሕትት ዝተገብረለን ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ ብስሩዕን ብደይ-መደይን ተዓሚጸን ነይረን።

58. ኣብ ፈለማ ወርሒ ጥቅምቲ 2021፡ ኣብ ትሪፖሊ ኣብ ልዕሊ ስደተኛታትን ሰገምትን ብዝተኻየደ ብርቱዕ ዓመጽ፡ ነፍሰ-ጾራትን ህጻናትን ዝርከብዎም ኣማኢት ኤርትራውያን ስደተኛታት ተለኪሞም። ብሰንኪ እዚ ዓመጽ፡ ሓደ ሰብ ሞይቱ፣ ብውሑዱ ዓሰርተ ሓሙሽተ ቆሲሎም፣ ኣማኢት ተኣሲሮም፣ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ድማ ተመዛቢሎም።[27] ድሕሪ'ቲ ዓመጽ፡ ኣማኢት ስደተኛታትን ሓተትቲ ዑቕባን ካብ ሊብያ ክወጹ ብምሕታት ኣብ ቅድሚ ኣብያተ ጽሕፈት ናይ ሕቡራት ሃገራት ተጸዋዒ ጉዳይ ስደተኛታት ኣብ ትሪፖሊ ንኣያሎ ኣዋርሕ ዓሪዶም። ብ10 ጥሪ ሓይልታት ጸጥታን ምልሻታት ሊብያን ብዓመጽ ከም ዘባረርዎምን፡ ኣማኢት ሰባት ከም ዝሃረሙን ከም ዝኣሰሩን፡ ግዝያዊ ቴንዳታቶም ከም ዘቃጸሉን ይግለጽ።[28]

59. ኤርትራውያን ሓተትቲ ዑቕባ ነቲ ሓደገኛ ጉዕዞ ማእከላይ ባሕሪ ብምስጋር ኣብ ኤውሮጳ ዕቑባ ንምሕታት ቀጺሎም።[29] ኣብ 2020፡ ኣብ ቀዳሞት ኣዋርሕ ናይ 2021፡ ብሰንኪ ኮቪድ-19፡ ከምኡ 'ውን ብሓለዋ ዶባት ሊብያ ብዝተገብረ ክልከላ፡ ናብ ኤውሮጳ ናይ ምስጋር ዕድላት ተጻቢቡ ብምንባሩ፡ ቁጽሪ

---

24 ክሳብ ነሓሰ 2021 ኣብ ዝነበረ ግዜ፡ ኣብ ሱዳን ዝወሓደ ደሞዝ ኣብ ወርሒ 425 ናይ ሱዳን ፓውንድ ወይ ትሕቲ 1 ዶላር እዩ።

25 ንመሰል ምንቅስቓስ ሽደተኛታት ብዝምልከት፡ ሱዳን ኣብ ኣህጉራዊ ውዕል ንመሰል ስደተኛታት ዕቃበታት ኣለዋ።

26 A/HRC/48/83, paras. 66–71 [እዚ ዝተጠቕሰ ሰነድ ተመልከት]።

27 ተልእኾ ደገፍ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ሊብያ፡ "መግለጺ ተሓጋጋዚት ዋና ጸሓፊ ሕቡራት ሃገራትን ኣተሓባባሪት ሰብኣዊ ምትሕግጋዝን ኣብ ሊብያን፡ ጆርጀት ጋግኖን"፡ 2 ጥቅምቲ 2021። እዚ ዝስዕብ ሰነድ እንኮላይ ርአ፦ S/2022/31, para. 58

28 See https://www.nrc.no/news/2022/january/libya-hundreds-detained-in-renewed-crackdown-on-migrants-and-refugees/.

29 ኣብ 2021፡ ልዕሊ 2000 ስደተኛታትን ሓተትቲ ዑቕባን ማእከላይ ባሕሪ ንምስጋር ኣብ ዝፈተኑሉ እዋን ኣብ ባሕሪ ጥሒሎም።

ሓደስቲ መጻእቲ ነክዩ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ኣብ ሞንጎ ጥርን ሕዳርን 2021፡ 2186 ኤርትራውያን ናብ ኢጣልያ ኣትዮም።[30]

60. መንግስቲ ኤርትራ፡ ንንጥፈታትን ማሕበረሰባዊ ውዳበን ኤርትራውያን ኣብ ዲያስፖራ ንምቁጽጻር፡ ከምኡ 'ውን ፖለቲካዊ ተሳትፎኦም ንምዕንቃፍ ርኡይ ጻዕሪ ኣካይዱ። ሰበ-ስልጣን ኤርትራ፡ ኣብ ወጻኢ ንዝርከቡ ኤርትራውያን 'ውን ክዓብሱ ፈቲኖም። ኣብ ዲያስፖራ ዝነብሩ ኤርትራውያን ናይ ዘካይድዎ ንጥፈታት፡ ኣብ ኤርትራ ዝርከቡ ኣዝማዶም ወይ መቕርቦም ዋጋ ከም ዝኸፍሉሉ ይገብሩ (መቕጻዕቲ ብውክልና)። ንኣብነት፡ ሲሃም ዓሊ ዓብዱ ዝተባህለት፡ ናይ ኤርትራን ኣመሪካን ዜግነት ዘለዋ፡ ጓል ሓደ ሚኒስተር ዜና ነበር፡ ሃለዋታ ተሸሪቡ ኣሎ። ኣቦኣ ኣብ ሳልሳይ ሃገር ዑቕባ ምስ ሓተተ ነዊሕ ከይጸንሐት፡ ካብ ኤርትራ ክትሃድም ኣብ ዝፈተነትሉ እዋን ኣብ 2012 ኣብ ዶብ ሱዳንን ኤርትራን ተታሒዛ ኣብ ቀይዲ ክትኣቱ እንከላ ጓል 15 ዓመት ነይራ። ዳርጋ ን10 ዓመታት ሃለዋታ ኣይፍለጥን። ሓደ ኣብ ኤውሮጳዊት ሃገር ዝነብር ኤርትራዊ፡ ንሰበ-ስልጣን ብግልጺ ከይነቅፍ ዘለዎ ስግኣት ገሊጹ፦ "ገለ እንተ ኢለ፡ ኣብ ኤርትራ ዘለዉ ስድራይ ክሳቐዩ ይኽእሉ እዮም። ሽዑ ፈጺመ ናብ ኤርትራ ክምለስ ኣይክእልን እየ።"

61. መንግስቲ ኤርትራ፡ ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ስደተኛታትን ኣብ ዲያስፖራ ዝርከቡ ኤርትራውያንን፡ 2 ሚእታዊት ካብ እቶቶም ግዴታዊ "ናይ መሕወይ ግብሪ" ምእካብ ቀጺሉሉ ይርከብ። ዲፕሎማስያዊ ልኡኻት ኤርትራ፡ ዝኾነ ይኹን ቆንስላዊ ኣገልግሎት ክሓትት ንዝመጽእ ሰብ (ንኤርትራውያን ዜጋታትን ኤርትራዊ መበቆል ዘለዎም ውልቀሰባትን)፡ "ናይ ጣዕሳ" ዝበሃል ሰነድ ንኽፍርሙን 2 ሚእታዊት ግብሪ ክኸፍሉን የገድድዎም። እቲ ዝኽፈል ግብሪ፡ ምዕራባውያን መንግስታት ካብ ዝህብዎ ናይ ማሕበራዊ ድሕነት ሓገዝ ከይተረፈ ይኽፈል። ኣብ ሓያሎ ከተማታት ኤውሮጳ፡ እቶም ምኽፋል ዝኣበዩ ሰባት ኣብ ውሽጢ እቲ ማሕበረሰብ ምግፋዕን ምፍርራሕን ምግላልን ይወርዶም።

62. ፍሉይ መርማሪ፡ ምስ ኤርትራውያን ኣብ ዝገበሮ ርክብ፡ ገለ ካብኣቶም ከምዚ ዝስዕብ ክብሉ ጸገሞም ገሊጾም፦ "ካብ ኤምባሲ ዝኾነ ይኹን ሰነድ ወይ ኣገልግሎት ዘድልየኒ እንተኾይኑ፡ ነቲ 2 ሚእታዊት ግብሪ ከፊለ ነቲ ናይ ጣዕሳ ቅጥዒ ክፈርም ኣለኒ። እንተዘይገይረዮ ዋላ ሓንቲ ክገብር ኣይክእልን'የ፤ ኣደይ 'ውን ኣብ ኤርትራ ክቐብራ ኣይክእልን'የ። እንተ ወሪሰ፡ ኣብ ኤርትራ ዘለዉ ኣሕዋተይን ኣሓተይን ነቲ ውርሻ ክፍጽምዎ ኣይክእሉን'ዮም። መሬት ወይ ገዛ 'ውን ከይተረፈ ክንስእን ንኽእል ኢና።" እዚ መዝማዝን ብኣስገዳድ ዝትግበርን ምኽፋል ግብሪ፡ ኣብ ገለ ናይ ዑቕባ ሃገራት ንኤርትራውያን ጸገም ኮይንዎም ኣሎ። ዑቕባ ኣብ ዝሓትሉ፡ ወይ ምጥናርፍ ስድራ ቤት ኣብ ዝድልየሉ፡ ሰነዳዊ መርትዖ ከቕርቡ ኣብ ዝሕተቱሉ ኣጋጣሚታት ጸገም ነይርዎ። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ኩነታት፡ ሓተትቲ ዑቕባ፡ ናብ ኤምባሲ ቀሪቦም ነቲ ግብሪ ክኸፍሉ ወይ ድማ ብዛዕባ ናይ ስደት ኩነታቶም ዝምልከት ኣገዳሲ ውሳኔታት ኣሕሊፎም ንኽህቡ ናብ ዝግደድሉ ኣጸጋሚ ምርጫ ተቓሊዖም ይርከቡ።

63. ዲፕሎማስያዊ ልኡኻት ኤርትራ 'ውን ንምክልኻል ኮቪድ-19 ዝኸውን ገንዘብ ናይ ምእካብ ስራሕ ኣካይዶም ኔሮም። ኤርትራውያን ናይ ኮቪድ-19 ወፈያ ግዴታ ምዃኑ ተነጊርዎም፤ ጸቕጥን ምፍርራሕን ከም ዝገበረሎም 'ውን ይግለጽ። ኣጠቓቕማ እዚ ገንዘብ ብዝምልከት ፍጹም ግሉጽነት ዝጎደሎ እዩ።

64. ኣብያተ ክርስቲያናት ዲያስፖራ ኤርትራ፡ መንግስቲ ንዲያስፖራዊ ማሕበረሰባት ንምቁጽጻር ኣብ ዝገበሮ ፈተነታት ዓቢ ተራ ተጻዊተን'የን። ገለ ምስ መንግስቲ ምትእስሳር ዘለወን ኣብያተ ክርስቲያናት ንመንእሰያት ህዝባዊ ግንባር ንዲሞክራስን ፍትሕን ዝኸውን ገንዘብ ኣብ ምእካብን ደገፍቲ ኣብ ምኽታብን ነጢፈን። ኣብያተ ክርስቲያናት ካብ እቶተን 10 ሚእታዊት ንመንግስቲ ክኸፍላ ይግደዳ ከምዝነበራ ይግለጽ። ኣብ ገለ ጉባኤታት ዲያስፖራ ዝርከቡ ኣባላትን ካህናትን ንፓትርያርክ ኣንጦንዮስ ካብ ጸሎቶም ምግላል ስለ ዝኣበዩ፡ ከምኡ 'ውን ከምቲ ዝተኣዘዝዎ 10 ሚእታዊት ካብ ኣታዊታት ቤተ ክርስቲያን ንመንግስቲ ምኽፋል ስለ ዝኣበዩ፡ ካብ ቤተ ክርስቲያን ተሰጒጎም።

65. ፍሉይ መርማሪ፡ ብሰንኪ ኣብ ሃገሮም ዘጋጠሞም ግህሰት ሰብኣዊ መሰላትን ኣብ ጉዕዞኦም ዝሰገርዎ ስነ ኣእምሮኣዊ ነውጺ ዘኽትል ከቢድ ተሞክሮን፡ ብዙሓት ካብቶም ኣብ ኤውሮጳ፣ ዓባይ ብሪጣንያን ሰሜን ኣየርላንድን ዘለዉ ኤርትራውያን ፍሉይ ክትትል ዘድልዮ፡ ኣካላውን ኣእምሮኣውን ናይ ጥዕና ጸገም ከም ዘጋጥሞም ኣስተብሂሉ። ብሰንኪ ዘለዎም ናይ ቋንቋ ጸገማት፡ ኣብቲ ዝኣትዉሉ ሃገራት ዝጸንሖም ሓፈሻውን ንስደተኛታት ዝምልከት ምምሕዳራዊ ኣካይዳታትን ብቐሊሉ

[30] Mixed Migration Centre፡ "ርብዒ ዓመታዊ ሓበሬታ ብዛዕባ ሕውስዋስ ዋሕዚ ስደት፡ ምብራቕ ኣፍሪቃን የመንን – 1 ለካቲት 2022።

ክለማመድዎ ይሽገሩ። ዕንቅፋታትን ጸገማትን የጋጥሞም ኣሎ። ኣብ ብዙሓት ናይ ዑቕባ ሃገራት፡ እዚ ጸገማት እዚ ምስቲ ካልእ ንምጥርናፍ ስድራ ቤታት ብዝምልከት ዘጋጥሞም ሕልኽላኻት ተደሚሩ፡ ንኤርትራውያን ሓተቲ ዑቕባ ናብ ተስፋ ምቑራጽ ይደፍኦም ኣሎ። ብፍላይ ኣብ መንጎ መንእሰያት ስደተኛታት ዝረአ ዘሎ ልዑል መጠን ነብሰ ቅትለት ዘሻቕል እዩ። ኣብ ሓድሽን ካብቲ ዝፈልጥዎ መሰረታዊ ፍልልይ ኣብ ዘለዎን ሕብረተሰባት ኣብ ንኡስ ዕደመኦም ምስ ኣተዉ፡ ጸቕጢ የጋጥሞም። ኣብ ርእሲ እዚ ኣብ ኤርትራ ዘለዉ ስድርኦም ክሕግዙ ናይ ምድላይ ጾር ‘ውን ኣሎ። ተቐበልትን ኣአንገድትን ሃገራት፡ ንኤርትራውያን ሓተትቲ ዑቕባን ስደተኛታትን ዝገብርኦ ክትትልን ደገፍን ከመሓይሻ፡ ንኹነታት መሰነይታ ዘይብሎም ትሕቲ ዕድመ ቆልዑ ድማ ፍሉይ ቆላሕታ ክህባ፡ ፍሉይ መርማሪ ይላቦ።

## ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት ኣንጻር ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ ኢትዮጵያ

66. ብመሰረት ጸብጻብ ላዕለዋይ ተጸዋዒ ጉዳይ ስደተኛታት ናይ ሕቡራት ሃገራት፡ ክሳብ መጋቢት 2022 ኢትዮጵያ 159 000 ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣአንጊዳ። እዚ ድማ ካብቲ ኣብ ሕዳር 2020 ኣብ ክልል ትግራይ ግጭት ዝተላዕለሉ እዋን ዝነበረ ቁጽሪ ብ20 000 ዝወሓደ እዩ። ኣብቲ እዋን እቲ ኣብ ክልል ትግራይ ይነብሩ ናይ ዝነበሩ ኤትርራውያን ስደተኛታት ግምት ከምዚ ዝስዕብ ይመስል፦ እቲ ሓፈሻዊ ቁጽሪ 96 000 ኮይኑ፡ ካብዚ 7818 ውልቀሰባት ኣብ ኣአንገድቲ ማሕበረሰባት፣ እቶም ዝተረፉ ድማ ኣብ ምዕራብ ትግራይ ኣብ ዝርከቡ ኣርባዕተ መዓስከራት ስደተኛታት ማለት ማይ ዓይኒ (21 682)፣ ዓዲ ሓሩሽ (32 168)፣ ሽመልባ (8702) ከምኡ ‘ውን ሕጻጽ (25 248) ዝነበሩ እዮም። ብተወሳኺ፡ 54 000 ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ ክልል ዓፋር ኔሮም።[31]

67. ክሳብ መጋቢት 2022፡ 17 ኣዋርሕ ድሕሪ እቲ ግጭት፡ ኣብ ትግራይ ብገምጋም 24 785 ኤርትራውያን ስደተኛታት ጥራይ እዮም ተረፎም። 52 262 ድማ ኣብ ዓፋር ተረፎም። ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ ሞንጎ ኣብ ክልላት ትግራይን ዓፋርን ዝርከቡ ተዋጋእቲ ጉጅለታት ተታሒዞም ተመዛቢሎም፣ ብብዝሒ ናብ ክልል ኣምሓራ (ኣለምዋጬ ኣብ ዝተባህለ ሓድሽ ናይ ስደተኛታት ቦታን) ንኣዲስ ኣበባን ተፈናቒሎም።[32] ሓታቲ ዘይብሎምን ዕጫኦም ዘይፍለጥን ‘ውን ብዙሓት እዮም። ኩነታት ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ ኢትዮጵያ፡ እዚ ጸብጻብ ክሳብ ዝቐረበሉ እዋን እናኸፍአ ይኸይድ ኣሎ። ኣብ ልዕሊኦም ዝፍጸም ዓመጽ እናወሰኸ መጺኡ፡ እቲ ውግእ ‘ውን ናብ ሓደስቲ ከባቢታት ብምዝርግሑ። ፍሉይ መርማሪ፡ ናይ ሕነ ምፍዳይ መጥቃዕቲ፣ ብኢደ ወነን ዝፍጸም ቅትለት፣ ጾታዊ ዓመጽ፣ ጨውያታት፣ ዘይሕጋዊ ማእሰርቲ፣ ዝምታ መዓስከራትን ንብረት ስደተኛታትን ዝምልከት ክስታት ምቕባሉ ቀጺሉ። ኤርትራውያን ስደተኛታት፡ ካብ ኤርትራ ክሃድሙ እንከለዉ ገዲፎሞም ብዝመጹ ወተሃደራት ኤርትራ እንደገና ብሓይሊ ናብ ኤርትራ ተመሊሶም፣ ተኣሲሮም፣ ተቐጺዖም ብኣስገዳድ ተዓስኪሮም።

68. ካብ ምጅማር እቲ ኩናት ኣትሒዙ፡ ኤርትራውያን ስደተኛታት ምስ ሓደ ወይ ምስቲ ካልእ ይውግኑ እዮም ብዝብል ግምታት ብኽልቲኡ ወገን ናይቲ ግጭት ዒላማ ኮይኖም ጸኒሖም።[33] ብሓደ ወገን፡ ብዙሓት ካብኣቶም ብፖለቲካዊ ምኽንያት ካብ ኤርትራ ዝሃደሙ ብምዃኖም፡ ብሓይልታት ኤርትራ ዒላማ ኮይኖም። ወተሃደራት ኤርትራ፡ መዓስከራት ስደተኛታት ኣጥቂዖም፣ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ስደተኛታት ገፊፎም ናብ ኤርትራ መሊሶም እዮም (ኣብ ላዕሊ ሕጡበ-ጽሑፍ 29 ርአ)። ብኣንጻሩ፡ ኢትዮጵያ፡ ብፍላይ ድማ ክልል ትግራይ፡ ብታሪኽ ንኤርትራውያን ስደተኛታት ሓንጎፋይ ኢላ ትቕበል እኳ እንተነበረት፡ ብሓይልታት ኤርትራ ዝተፈጸመ ግህሰታት ግን፡ ብፍላይ ኣብ መፋርቕ 2021፡ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ስደተኛታት ተጸባኢ ጠመት ንኸሕድር ደሪኽዎ። ኣብ መወዳእታ 2021 መጀመርታ 2022 ዝምድናታት ክመሓየሽ እኳ እንተጀመረ፡ ሰበስልጣን ትግራይ ንኤርትራውያን ስደተኛታት ብጥርጣረ ምርኣይ ኣይገደፉን። ኣብ ወርሒ ሰነን ሓምለን 2021 ኣብ ሽረ ገለ ስደተኛታትን ሓተትቲ ዑቕባን ከም ዝኣሰሩ ይግለጽ። መዓስከራትን ሰፈራታትን ስደተኛታት ኤርትራ በብእዋኑ ናይ ሕነ ምፍዳይን ምዝማትን መጥቃዕቲ ተኻይድዎ፡ መንነቶም ብዘይተፈልጠ ዕጡቓት ጉጅለታት ተጋሩ። ናብ ውሑስ ቦታ ክሃድሙ ዝፍትኑ ኤርትራውያን ስደተኛታት፡ ብወተሃደራት ሓይልታት ምክልኻል ኢትዮጵያ ’ውን ምግፋዕ፣ ዝምታን ዘይሕጋዊ ማእሰርትን ከም ዘገጠሞም ጸብጻባት ክቐርብ ጸኒሑ’ዩ።[34] ኣብ መወዳእታ፡ ስደተኛታት ’ውን ንፍሉይ መርማሪ ከም ዝገለጽዎ፡ ብዙሓት ኤርትራውያን ቋንቋ ትግርኛ ስለ ዝዛረቡ፡ ብዙሕ ግዜ ተጋሩ ተባሂሎም ከም ዝጋገዩን ኣብ ካልኦት ዘባታት ኢትዮጵያ ‘ውን ኣድልዎ፡ ምግፋዕ ወይ መጥቃዕቲ ከም ዝበጽሖምን ሓቢሮም።

---

31 ታሪኻዊ መረዳእታ ካብዚ ዝስዕብ መላግቦ ዝተረኽበ እዩ፦ https://data2.unhcr.org/.

32 ኢቢደም (ልክዕ ከምቲ ኣብ ላዕሊ እተጠቕሰ)።

33 እዚ ዝስዕብ መላግቦ ተመልከት፦ https://www.ohchr.org/en/press-releases/2021/08/tigray-conflict-all-combatants-have-obligation-protect-eritrean-refugees-un.

34 ካብ ቃለ መሕትት ምስክር ዝተረኽበ ሓበሬታ። እዚ ዝስዕብ እንኮላይ ተመልከት፦ Awet T. Weldemichael and others, *Between A Rock and A Hard Place: Eritrean Refugees in Tigray and the Ethiopian Civil War* (International Peace Research Association, 2022).

69. ፍሉይ መርማሪ፡ ብሓይልታት ኤርትራ ዝተፈጸመ ግህሰት መሰላት ስደተኛታት ብዝምልከት ክስታት ምቕባሉ ቀጺሉ። ሓይልታት ኤርትራ ኣብ ሕዳር 2020 ናብ ትግራይ ምስ ኣተዉ ነዊሕ ከይጸንሑ፡ መዓስከራት ስደተኛታት ሽመልባን ሕጻጽን ተቖጻጺሮም፡ ኣባላት ሽማግለ ስደተኛታትን ኣባላት ተቓወምቲ ተባሂሎም ዝጥርጠሩን ብስም እንዳጸውዑ ፈልዮም ወሲዶሞም። ብዓሰርተታት ዝቑጸሩ ውልቀሰባት ጨውዮም ናብ ኤርትራ መሊሶሞም። ካብ ሽዑ ጀሚሮም ሃለዋቶም ኣይፍለጥን። ሓይልታት ኤርትራን ተጋሩን ሲቪላዊ ባህሪ መዓስከራት ስደተኛታት ጥሒሶም፡ ነቲ ቀጽሪ ሒዞም ስደተኛታት ግዳይ ገይሮም እዮም። ብመሰረት ጸብጻብ ሂዩማን ራይትስ ዎች፡ ኣብ መዓስከራት ሕጻጽን ሽመልባን ብሓይልታት ኤርትራን ትግራይን ብዝተፈጸመ ውግእን ዒላማ ዝገበረ ሕነ ምፍዳይን ብዓሰርተታት ዝቑጸሩ ስደተኛታት ተቐቲሎም። ሓይልታት ኤርትራ ነተን ክልተ መዓስከራት ደምሲሶም ኣሽሓት ስደተኛታት ናብ ኤርትራ ክምለሱ ኣገዲዶም።[35] ገለ ስደተኛታት፡ ምሕረት ክግበረልኩም እዩ ብዝብል ናይ ሓሶት መብጽዓ ተታሊሎም ከም ዝምለሱ ተጌሩ።[36] ፍሉይ መርማሪ፡ ብምትላል፣ ብግዴታ፣ ብቀጥታውን ብተዘዋዋርን ምፍርራሕን ዓመጽን፣ ብሕማቕ ኣተሓሕዛን ካልእን ዝግበር ምምላስ፡ "ወለንታዊ" ተባሂሉ ክውሰድ ከምዘይክእልን፡ ብኣንጻሩ ግዱድ ምምላስ ምዃኑን ከስምረሉ ይደሊ። ኣብቲ ዝቐጸለ ኣዋርሕ፡ ገለ ክፋል ካብቶም ብሓይሊ ዝተመልሱ ስደተኛታት፡ ተኣሲሮም፣ ተቐጺዖም፣ ብኣስገዳድ ድማ ኣብ ውትህድርና ተዓስኪሮምን እዮም (ኣብ ላዕሊ ሕጡበ-ጽሑፍ 29 ርአ)።

70. ኤርትራውያን ስደተኛታት ዘአንግዱ መዓስከራትን ሰፈራታትን መጥቃዕቲ ይወርዶም ኣሎ። ብ5 ጥሪ 2022፡ ኣብ መዓስከር ማይ ዓይኒ ብሓይሊ ኣየር ኢትዮጵያ ብዝተፈጸመ ናይ ድሮን መጥቃዕቲ፡ ሰለስተ ስደተኛታት ፡ ክልተ ካብኣቶም ህጻናት ፡ ሞይቶም፡ ካልኦት ኣርባዕተ ድማ ቆሲሎም። ብ3 ለካቲት 2022፡ ኣብ ክልል ዓፋር ዝርከብ መዓስከር ስደተኛታት በርሓለ ብጉጅለ ዕጡቓት መጥቃዕቲ ምስ ወረዶ፡ ሓሙሽተ ስደተኛታት ከም ዝሞቱን ሓያሎ ደቂ ኣንስትዮ ከም ዝተጨውያን ይግለጽ።[37] ብ2 ሚያዝያ 2022፡ ሽዱሽተ መንነቶም ዘይተፈልጡ ዕጡቓት ብዝፈነውዎ መጥቃዕቲ፡ መዓስከር ስደተኛታት ኣብ ኣለምዋጭ ዝነበሩ ኤርትራውያን ስደተኛታት ብጥይት ከም ዝተቐተሉ ይግለጽ። ክልተ ስደተኛታት ከቢድ ጉድኣት ከም ዝበጽሖምን ሽዱሽተ ድማ ካብ ቀሊል ክሳብ ማእከላይ መጉዳእቲ ከም ዝበጽሖምን ተፈሊጡ።[38] ፍሉይ መርማሪ፡ ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ስደተኛታት ዝፍጸም መጥቃዕቲ ብምኹናን፡ ኩሎም ወገናት ሲቪላውን ሰብኣውን ባህሪ መዓስከራት ስደተኛታት ከኽብሩ ደጊሙ ጻውዒቱ የቕርብ። ቀረብ ሰብኣዊ ሓገዝ ምርግጋጽ፡ ንስደተኛታት ድማ ናብ ውሑስ ቦታ ንኽወጹ ኩነታት ምምችቻእ ህጹጽ ኣድላይነት ከም ዘለዎ ኣስሚርሉ።

71. በቲ ንክልል ትግራይ ዘዕነወ ከቢድ ሰብኣዊ ቅልውላው፡ ኤርትራውያን ስደተኛታት 'ውን ብኸቢድ ተሃስዮም እዮም (ኣብ ላዕሊ ሕጡበ ጽሑፍ 19 ርአ)። ብመሰረት ግምታት ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ካብ 5.5 ሚልዮን ህዝቢ ትግራይ ልዕሊ 90 ሚኢታዊ ሰብኣዊ ሓገዝ የድልዮ። ክሳብ ሚያዝያ 2022 ኣብ ዝነበረ ግዜ፡ 40 ሚእታዊት ናይቲ ህዝቢ ከቢድ ናይ መግቢ ሕጸረት ኣጋጢምዎ ኣሎ። ካልእ ንስደተኛታት ዘጋጠሞም ብድሆታት፡ ሕጽረት ሓይሊ ኤሌክትሪክ፣ ሕጽረት ተባጻሕነት ጥዕናን ካልእ መሰረታዊ ኣገልግሎታትን፣ ስእነት ኣገልግሎት ባንክን ምቁራጽ ርክባትን ይርከብዎም።

72. ኣብ ክልል ትግራይ ኣብ ዝርከባ መዓስከራት ስደተኛታት ማይ ዓይኒን ዓዲ ሓሩሽን ዝነበረ ኩነታት፡ እዚ ጸብጻብ ክሳብ ዝቐረበሉ እዋን እናተበላሸወ ይኸይድ ኔሩ። እዚ ዝኾነሉ ምኽን ያት፡ ኣብቲ ዝርከባሉ ከባቢ፡ ማለት ኣብ ማይ ጸብሪ፡ ኣብ ሕዳር 2020፡ እንደገና ድማ ኣብ ሓምለ 2021 ከቢድ ኩናት ይካየድ ስለ ዝነበረ እዩ። ኣብዚ ግዜ'ዚ፡ ናይ ሕቡራት ሃገራት ላዕለዋይ ተጸዋዒ ንጉዳይ ሰደተኛታትን ካልኦት ሰብኣውያን ትካላትን ካብ ከባቢ ማይ ጸብሪ ፈጺመን ተቖሪጸን ስለ ዝነበራ፡ ናብ ክልቲኡ መዓስከራት ንሰሙናት ወይ ኣዋርሕ ሰብኣዊ ሓገዝ ንምቕራብ ተዓጊተን ኔረንን ኣለዋን። ኣብቲ ፈለማ፡ ኣብ ወርሒ ሰነ 2021፡ ናብ መዓስከራት ማይ ዓይኒን ዓዲ ሓሩሽን መእተዊ ዝኾነ እንኮ ድልድል ሩባ ተከዘ ብምዕናዉ እዩ እቲ ጸገም ተፈጢሩ። እንተኾነ ግን፡ እቲ ድልድል ምስ ተጸገነ 'ውን፡ ካብ ሓምለ 2021 ጀሚሩ ኣብቲ ከባቢ ዘሎ ፍጹም ዕጽዋ ዕንቅፋት ኮይኑ ኣሎ። እዚ ጸብጻብ ክሳብ ዝቐረበሉ ግዜ፡ ናብቲ ቦታ ክባጻሕ ዝግብኦ ረድኤት ብኸምዚ ዝተገልጸ ተዓናቒፉ ይርከብ ኣሎ። ከባቢ 25 000 ዝኾኑ ስደተኛታት፡ ንኣዋርሕ ብዘይ እኹል ማይ፣ መግቢ፣ መድሃኒትን ኣገልግሎት ጥዕናን ኣብቲ መዓስከራት ተኸርዲኖም ይርከቡ። ተወሳኺ ምጽራይ ዘድልዮ እኳ እንተኾነ፡ ኣብ መጋቢት 2022 ካብ ናይ ሕቡራት ሃገራት ላዕለዋይ ተጸዋዒ ንጉዳይ ሰደተኛታትን ካልኦት ሰብኣውያን ትካላትን ዝመንጨወ ሓበሬታ ከም ዘረድኦ፡ እቲ ፍጹም ዕጽዋ ካብ ዘጋጠመሉ ግዜ ጀሚሩ ኣብ ወርሒ ሓሙሽተ ስደተኛታት ብሰንኪ ስእነት መግብን መድሃኒትን ከም ዝሞቱ ይሕበር። ብሰንኪ'ቲ ኣብ መዓስከራት ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናኸፍአ

[35] A/HRC/47/21, paras. 66 and 74 [እዚ ዝተጠቕሰ ሰነድ ከምኡ 'ውን እዚ ዝስዕብ ተመልከት]። Human Rights Watch, "Ethiopia: Eritrean Refugees Targeted in Tigray", 16 September 2021. ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኤርትራ 'ውን ብ3 ሕዳር 2021 ኣብ ዘውጽኦ ጋዜጣዊ መግለጺ፡ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ኤርትራውያን ስደተኛታት "ናብ ዓዶም ከም ዝተመልሱ" ኣረጋጊጹ።

[36] እዚ ዝስዕብ ተመልከት፡- Awet T. Weldemichael and others, *Between A Rock and A Hard Place*.

[37] እዚ ዝስዕብ መላግቦ ተመልከት፡- https://www.unhcr.org/news/briefing/2022/2/620f63574/thousands-eritrean-refugees-displaced-clashes-ethiopias-afar-region.html.

[38] እዚ ዝስዕብ መላግቦ ተመልከት፡- https://hrc-eritrea.org/the-dilemma-of-eritrean-refugees-in-alem-wach-camp-in-amhara-region-and-in-mai-aini-and-adi-harush-camps-in-tigray-ethiopia/.

ዝኸይድ ዘሎ ኩነታት፡ ካብ መጀመርታ 2022 ኣትሒዙ (እናወሰኸ ብዝኸይድ ዘሎ ቁጽሪ)፡ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ስደተኛታትን ሓተትቲ ዑቕባን ናብ ኣለምዋጭ ገጾም ይሰግሙ ኣለዉ። እዚ ማለት ድማ ብመንጎ እቶም ዝዋግኡ ወገናት ብምሕላፍ ማለት’ዩ።

73. ብሰንኪ ጎነጻዊ መጥቃዕትታት፣ ምዕናው መዓስከራት፣ ሓፈሻዊ ስእነት ውሕስነትን ኣሰቃቒ ሰብኣዊ ኩነታትን፡ ኣብ ክልላት ትግራይን ዓፋርን ዝርከቡ ኤርትራውያን ስደተኛታት ናብ ካልእ ክሃድሙ ይግደዱ ኣለዉ። ብዓሰርተታት ኣሽሓት ዝቑጸሩ ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ብዝያዳ ተመዛቢሎም። ገሊኦም ድማ እቲ ዓመጽ ናብ ካልኦት መዓስከራትን ቦታታት ስደተኛታትን እናሰፍሐ ኣብ ዝኸደሉ ዘሎ እዋን፡ መመሊሶም ክሃድሙ ይግደዱ ኣለዉ። ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ሰባት ብዶብ ኣቢሎም ናብ ሱዳን፡ ኪንኡ ‘ውን ናብ ሰሜን ኣፍሪቃን ኤውሮጳን፡ ከምኡ ’ውን ብመገዲ ኣዲስ ኣበባ ናብ ኬንያን ኡጋንዳን ይውሕዙ ኣለዉ። ኣብ ናይ ክልላት ትግራይን ዓፋርን ግጭት ዝተኸርደኑ ኤርትራውያን ስደተኛታት ዝለዓለ ተቓላዕነት ንሓደጋ ስለ ዘለዎም ብቐሊሉ ግዳያት ናይ ነጋዶ ደቂ ሰብ ክኾኑ ከም ዝኽእሉ ፍሉይ መርማሪ የስተብህል።

74. ናይ ሕቡራት ሃገራት ላዕለዋይ ተጸዋዒ ንጉዳይ ሰደተኛታትን ናይ መንግስቲ ኢትዮጵያ ቤት ጽሕፈት ስደተኛታትን፡ ስደተኛታት ንምርካብ፣ ንምምዝጋብ፣ ናይ መንነት ወረቐት ንምሃብ፡ ይገብርዎ ንዘለዉ ጻዕሪ ፍሉይ መርማሪ ናእድኡ ይገልጽ። ናብ ውሑስ ኣማራጺ ቦታታት ንምውሳዶም ይግበር ንዘሎ ጻዕሪ፡ ፍሉይ መርማሪ ኣድናቖቱ ይገልጽ። ይኹን እምበር፡ ኣብ ሞንጎ ተጻረርቲ ወገናት ምትሕብባር ስለ ዘየለን፡ ኣብቲ ከባቢ ብሰንኪ ዘሎ ናይ ጸጥታ ጸገምን፡ ጠቕሊልካ ካብቲ ቦታ ንምውጽኦም ዝግበር ዘሎ ጻዕሪ ክዕወት ብዘይ ምኽኣሉ ዝተሰመየ ሻቕሎት ይገልጽ። ኩሎም ተዋጋእቲ ወገናት፡ ኤርትራውያን ስደተኛታት ብውሑስ መገዲ ዝሓልፉሉ መገዲ ክኸፍቱ፡ ከምኡ ’ውን ህይወት ናይቶም ኣብ መዓስከራት ዝተረፉ ንምድሓን ዝሕግዝ ሰብኣዊ ቀረብ ዝኣትወሉ መገዲ ክኸፍቱን ይጽውዕ። ካብ ኩሉ፡ ተወሳኺ ስቓይ ንምውጋድ፡ ኩሎም ወገናት ነቲ ዘሎ ጽኑዕ ዕጽዋ ክኸፍቱ፣ ሰብኣዊ ሓገዝ ብዘይ ዕንቅፋት ክኣቱ ክፈቕዱ፣ ስደተኛታትን ካልኦት ኣብ ትግራይ ዘለዉ ሲቪላውያን ሰባትን ክሕገዙ ከፍቅዱን፡ ፍሉይ መርማሪ ጻውዒት የቕርብ።

## X. መደምደምታታትን ለበዋታትን

75. **ኣብዚ ጸብጻብ ተገሊጹ ከም ዘሎ፡ ክሳብ እዚ ሕጂ እዋን፡ ቅልውላው ሰብኣዊ መሰላት ናይ ኤርትራ እንዳገደደ ይኸይድ ኣሎ። ፍሉይ መርማሪ፡ ብርክት ዝበሉ ዘተሓሳስቡ ጉዳያት ኣለልዩ፡ ንሳቶም ድማ፡-**

(ሀ) **እንዳበኣሰ ዝኸይድ ዘሎ ውጹእ ወተሃደራዊ ምሕደራ ናይታ ሃገርን ነቲ ህዝቢ ብምሉኡ ኣብ ደረት ኣልቦ ዕስክርና ከም ዝቑረን ምግባርን፣**

(ለ) **ቀጻሊ ተሳትፎ ኤርትራ ኣብ ምፍጻም ግህሰት ኣህጉራዊ ሰብኣዊ መሰላትን ሰብኣዊ ሕግን ኣብ ኵነታት ግጭት ኢትዮጵያ፣**

(ሐ) **ንውሽጣዊ ኩነታት ሰብኣዊ መሰላት ከቢድ ሳዕቤናት ዘለዎ፡ ቀጻሊ ምትእትታው ኤርትራ ኣብ ኲናት ኢትዮጵያ፡ ቀጻሊ ዝካየድ ዘሎ ግፋ፡ ግዱድ ወተሃደራዊ ዕስክርና ህጻናት፡ ከምኡ ’ውን ምጭዋይን ግዱድ ዕስክርናን ኤርትራውያን ስደተኛታትን ኣብቲ ኲናት ንኽዋግኡ ምግዳድን፣**

(መ) **ዘየቋርጽ እገዳ ሲቪካዊ ዕድላት፡ እቲ ዕድላት ሕትም-ጥርቅም ኢሉ ምቕጻሉ፡ ኤርትራውያን ተቓውሞ ክገልጹ ወይ ‘ውን ኣብ ውሳነታት ክሳተፉ ተኽእሎ ዘይምህላዉ፣**

(ሰ) **ብጭቡጥ ካብ ናይ መንግስቲ ዝተፈለየ ፖለቲካዊ መርገጺ ስለ ዘለዎም፡ ወይ ‘ውን ብይኸውናዊ ርድኢት፡ ኣብ ዘይሕጋዊ ማእሰርቲ ዝርከቡ ኣማኢት ኤርትራውያንን ኩነታቶም ኣብ መሰል ተቓውሞ ዘለዎ መሪር ሳዕቤንን፡ ብማሕበረሰብ ዓለም ቆላሕታ ዘድልዮ ኮይኑ ምቕጻሉ፣**

(ረ) **ንኣተሓሕዛ ገለ ሃይማኖታዊ ጉጅለታት ብዝምልከት ኣብ ቀረባ እዋን ዝተራእየ ኣወንታዊ ምዕባለታት ምቕልባሱ፡ ኣብ ልዕሊ ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ጉጅለታት ዝያዳ ጸቕጢ ይግበር ምህላዉን 47 ክርስትያናት ምእሳሮምን፣**

(ሸ) **ኤርትራ ኣብ ቤት ምኽሪ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት ሃገራት ዘለዋ ኣባልነት ተጠቒማ፡ ተፈጺሙ ንዝበሃል ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት ኣትሪራ ትቃወም ምህላዋ፡ እንኮላይ ነቲ ኣብ ግጭት ኢትዮጵያ ዝፍጸም ዘሎ ህግሰታት፣**

(ቀ) ካብ ማሕበረሰባት ዲያስፖራ ገንዘብ ንምእካብ፡ ከምኡ ‘ውን ናይ ነቐፌታን ፖለቲካዊ ተቓውሞን ተበግሶታት ንምዕምጻጽ፡ እናወሰኸ ዝኸይድ ዘሎ ናይ መንግስቲ ጸቕጢ፣

(በ) ብሰንኪ እቲ ኣብ ትግራይ ተወሊዑ ዘሎ ኩናት፡ ኣብ ውሽጢ ኤርትራን ኣብ ወጻእን እንዳገደደ ዝኸይድ ዘሎ ኤትኒካውን ፖለቲካውን ወጥሪ።

76. **ፍሉይ መርማሪ፡ ቅድሚ ሕጂ ብእተፈላለየ ኣካላትን መስርሓትን ናይ ሕቡራት ሃገራት፡ ከም ፍሉይ መርማሪ፣ ላዕለዋይ ተጸዋዒ ንጉዳይ ሰብኣዊ መሰላት፣ ሸማግለ ንጉዳይ ኣድልዎ ደቂ ኣንስትዮ፣ ከምኡ ውን ኣብ 2019 ኣብ ኣድማሳዊ ገምጋም ናይ ኤርትራ ዝተቐረቡ ዝበዝሑ ለበዋታት ከም ዘይተተግበሩ ኣስተብሂሉ። ፍሉይ መርማሪ፡ ኣገዳስነት ናይዞም ለበዋታት ደጊሙ የስምረሉ።**

77. **ኣብዚ ጸብጻብ እዚ፡ ብወገን መንግስቲ ኤርትራ ህጹጽን ወሳንን ስጉምቲ ዘድልዮም ፍሉያትን ከቢድ ስክፍታ ዝፈጥሩን ጉዳያት ሰብኣዊ መሰላት ፍሉይ መርማሪ ኣለልዩ። ኣብ ኤርትራ ዘሎ ቀጻሊ ጸገም ናይ ሰብኣዊ መሰላት፡ ከምኡ ’ውን ቀጻሊ ተሳትፎ ዕጡቓት ሓይልታት ኤርትራ ኣብ ግጭት ኢትዮጵያን ሳዕቤኑ ንውሽጣዊ ኩነታት ሰብኣዊ መሰላት ኤርትራ ኣብ ግምት ብምእታውን፡ ፍሉይ መርማሪ ነዚ ዝስዕብ ፍሉይ ለበዋታት ንመንግስቲ ኤርትራን ንማሕበረሰብ ዓለምን የቕርብ።**

78. **ፍሉይ መርማሪ ንመንግስቲ ኤርትራ ዘቕርቦ ለበዋ፦**

(ሀ) **ኩሉ እቲ ብፍሉይ መርማርን ብመርማሪት ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኤርትራን ዝተሰነደ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት፡ እንተላይ ኣብዚ ጸብጻብ ዝተገልጸ ቀጻሊ ግህሰታት ከብቅዕ ቅልጡፍ መግትኢ ምግባር፤**

(ለ) **ብኣህጉራዊ ኣገባባትን መስርሓትን ንሰብኣዊ መሰላት፡ እንኮላይ ኣብዚ ናይ ሕጅን ናይ ዝሓለፈን ጸብጻባት ፍሉይ መርማርን መርማሪት ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኤርትራን ዝተገልጸ ለበዋታት ኣብ ግምት ብምእታው፡ ንኣተገባብርኡ ዝኸውን ሃገራዊ ውጥን ስራሕ ምድላው፤**

(ሐ) **ኣብታ ሃገር ኣጋጢሙ ንዘሎ ቅልውላው ሰብኣዊ መሰላት ንምፍታሕ፡ መንግስቲ ንዝወሰዶ ጭቡጥ ስጉምታት ብዝምልከት ዝርዝራዊ ሓበሬታ ምክፋል፤**

(መ) **ኩሎም እቶም ብዘይ ሕጋውን ዘይፍትሓውን መገዲ ተኣሲሮም ዘለዉ ዜጋታት፡ እንኮላይ 11 ኣባላት ጉጅለ-15፣ ተቓወምቲ፣ ጋዜጠኛታት፣ ናይ ሕልናን ናይ ሃይማኖትን እሱራት፡ ብህጹጽን ብዘይ ቅድመኩነትን ምፍታሕ፤**

(ሰ) **ኣብ ምስጢራዊ ቦታታት ንነዊሕ እዋን ዝግበር ዘይሕጋዊ ማእሰርትን ብዘይ ርክብ ዝግበር መጭወይትን ከም ዘቋርጽ ምግባር፣ ስሉጥን ግሉጽን ኣገባብ ምዝገባ እሱራት ምምስራት፣ መግረፍቲ፡ ኢሰብኣውን ኣዋራድን ኣተሓሕዛ እሱራት ንምምካት ብቑዕ ናይ መቆጻጸሪ ኣገባብ ምትእትታው፤**

(ረ) **ኩሎም እሱራት፡ ኣብ ወግዓዊ መዳጎኒ ቦታታት ከም ዝተሓዙ ምግባር፣ ጠበቓ ናይ ምርካብ፡ ምስ ስድራ ቤቶም ናይ ምርኻብ፡ ከምኡ ‘ውን ሕጋውነትን ዘይሕጋውነት ኩነታት ማእሰርቶም ብግቡእ ሕጋዊ መስርሕ ናይ ምብዳህ መሰሎም ምርግጋጽ፤**

(ሸ) **ኣብ መቓን ሃገራዊ ኣገልግሎት ይፍጸም ኣሎ ናይ ዝበሃል ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት፡ እንኮላይ ኣብ መዓስከር ወተሃደራዊ ስልጠና ሳዋ ኣንጻር ደቂ ኣንስትዮ ይፍጸም ዝበሃል ጾታዊ ዓመጽ ብግቡእ ከም ዝምርመርን በደልቲ ናብ ሕጊ ከም ዝቐርቡን ምግባር፤**

(ቀ) **ልዕልና ሕጊ ዘደንፍዕ ናጻ ትካላት ምምዕባል፣ ከምኡ ’ውን ትካላት ምምሕዳር ፍትሒ፡ ብናጻን ብቑዕን ሞያዊ መሳርዕ ከም ዝካየድ ምግባር፣ ናይ ፈጻሚ ኣካል ኣሰራርሓ ብናጻ ኣብያተ ፍርዲ፡ ቤት ጽሕፈት ኣኽባር ሕግን ካልእ ናይ መፈተሺ ኣገባባትን ቁጽጽር ከም ዝግበረሉ ምግባር፤**

(በ) **ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ ህዝባውን ሃገራውን ዋኒኑ ብናጽነት ክሳተፍ ዘኽእሎ ውሑስ ሲቪካዊ ዕድላት ንምፍጣር ስጉምትታት ምውሳድ፤**

(ተ) **ብቤት ምኽሪ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት ሃገራትን ብኮምሽን ሰብኣውን ህዝባውን መሰላት ናይ ሕብረት ኣፍሪቃ ዝተመዘዙ ፍሉያት መርመርትን ሰብ መዝን ናብ ኤርትራ ዑደት ንኽገብሩ ክፉት ዕድመ ምቕራብ፤**

(ቸ) ህጻናት ኣብ ኩናት ትግራይ ንኽሳተፉ ብዕጡቓት ሓይልታት ኤርትራ ዝግበር ዘሎ ምኽታብ ምጽራይን፡ ህጻናት ኣብ ውትህድርና ከይክተቡን ከይግደሙን ዝኽልክል ስጉምታት ምውሳድ፤

(ነ) ንኤርትራውያን ስደተኛታትን ሓተትቲ ዑቕባን ናብ ኤርትራ ብምጭዋይን ብኣስገዳድ ብምምላስን ዝተፈጸመ ግዱድ ወተሃደራዊ ዕስክርና ምጽራይ፤

(ኘ) ብኤርትራውያን ሓይልታት ኣብ ኢትዮጵያ ንዝተፈጸመ ግህሰት ኣህጉራዊ ሰብኣዊ መሰላትን ሰብኣዊ ሕግን ብዝምልከት መርመራ ምክያድ፡ ከምኡ ’ውን ግህሰታት ዳግማይ ንኸይፍጸሙ ስጉምትታት ምውሳድን ገበነኛታት ብዘይ ኣድልዎን ብፍትሓዊ መገድን ናብ ፍርዲ ምቕራብን፤

(ኣ) ሓይልታት ኤርትራ ካብ ኢትዮጵያ ብህጹጽ ከም ዝሕስቡ ምግባር፣ ሰብኣዊ ረድኤት ህዝቡ ኣካላት፡ ከምኡ ‘ውን መግብን ካልእ መሰረታዊ ነገራትን ዝኣትወሉ መስመራት ካብ ምዕጻው ምቑጣብ፤

(ከ) ኣብ ትሕቲ ምሉእ ቁጽጽር ሰራዊት ኤርትራ ኣብ ዝርከብ ግዝኣታት ኢትዮጵያ፡ ዘድሊ ንሰብኣዊ ውሕስነት ዝምልከት ጥንቃቐ ምውሳድ፣ ከምኡ ‘ውን ኣህጉራዊ ሕጊ ንሰብኣውነትን ንሰብኣዊ መሰላትን ከም ዝኽበር ምግባር።

79. ንኣባላት ሕቡራት ሃገራትን ኣህጉራውያን ትካላትን ብዝምልከት፡ ፍሉይ መርማሪ እዚ ዝስዕብ ለበዋታት የቕርብ፡-

(ሀ) ንኹነታት ሰብኣዊ መሰላት እታ ሃገር ብዝምልከት ጭቡጥን ዘላቕን ምምሕያሻት ክሳብ ዝግበር፡ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ጥቡቕ ክትትል ከም እትቕጽል ምግባር፣ ጉዳይ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ዝኾነ ምስታ ሃገር ዝግበር ጽምዶ ቀንዲ ዛዕባ ኮይኑ ከም ዝቕጽል ምግባር፤

(ለ) ገበናት ኣንጻር ሰብኣውነትን ካልእ ከቢድ ጥሕሰት ሰብኣዊ መሰላትን ፈጺሞም ዝበሃሉ ውልቀ ሰባት ናብ ካልእ ሃገር ኣብ ዝገሸሉ እዋን፡ ብመሰረት ኣህጉራዊ ክሊ ስልጣን ንጥሕሰት ሰብኣዊ መሰላት ዝጠልቦ ግዴታ፡ ሃገራት ክሲ ክምስርታሉም ወይ ‘ውን ክሲ ክትምስር ናብ እትኽእል ካልእ ሃገር ኣሕሊፈን ክህባ፤

(ሐ) መንግስቲ ኤርትራ ንዝሓለፈ ክልተ ዕቁድ (ክልተ ዓሰርተ ዓመታት) ቀጺልዎ ዘሎ፡ ዘይሕጋዊ ማእሰርቲ፡ ሽርበት ሃለዋትን ስቅያትን ናይ ፖለቲካ ተቓወምቲ፡ ከምኡ ‘ውን ናይ ሕልናን ናይ ሃይማኖትን እሱራት፡ ደው ከብል ብጽኑዕ ምምሕጻን፤

(መ) መንግስቲ ኤርትራ ነቲ ርኡይ ናይ ሰብኣዊ መሰላት ብድሆታት ንምፍታሕ፡ ጭቡጥ መደበት ብምሕንጻጽ፡ ብንጹር ናይ ግዜ ሰሌዳ ዝልካዕ ስጉምታት ክወስድ ጸቕጢ ምግባር፣ ከምኡ ‘ውን ቅድሚ ሕጂ ብፍሉይ መርማሪ ተኣሚሙ ዝነበረ ናይ ትግባረ መለክዕታትን ብኻልእ ኣህጉራዊ መስርሓት ናይ ሰብኣዊ መሰል ቀሪቡ ዝነበረ ለበዋታትን ኣብ ግምት ብዘእተወ መገዲ መደበቱ ክትልም ምትብባዕ፤

(ሰ) መንግስቲ ኤርትራ ከም ኣባል ቤት ምኽሪ ሰብኣዊ መሰላት መሰረት ምስቲ ቤት ምኽሪ ኣብ ሃናጺ ጽምዶ ክዋሳእን ግዴታኡ ክዋጻእን፣ ከምኡ ’ውን ኣብ ኤርትራን ብዓለም ደረጃን ሰብኣዊ መሰላት ክሕሎ መታን ምስ ናይቲ ቤት ምኽሪ ፉሉያት መርመርቲ ክትሓባበርን ጸቕጢ ምግባር፤

(ረ) ንኤርትራውያን ስደተኛታትን ሓተትቲ ዑቕባን ብዝምልከት፡ ብፍላይ ድማ ጉዳይ ናይቶም ብዘይ መሰነይታ ዝስደዱ ትሕቲ ዕድመ ቆልዑ ፍሉይ ኣስተብህሎ ምግባር፡ ኣህጉራዊ ውዕል ንመሰል ስደተኛታት ብዝጠልቦ ግዴታ መሰረት፡ ስደተኛታት ኣገዲድካ ናብ ሃገሮም ዘይምምላስ፡ ኣብ ናይ መወዳእታ ምዕራፎም ምስ በጽሑ ይኹን ኣብ ዝሰጋገሩለን ሃገራት ድማ፡ ኣህጉራዊ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ናይ ዑቕባ መሰሎም ከም ዝሕሎ ምግባር፤

(ሸ) ምስ ኤርትራውያን ተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰላትን ሲቪካውያን ማሕበራትን ብቐረባ ብምትሕብባር፡ ኣብ ሃገሮም ሰብኣዊ መሰላት ንምድንፋዕ ንዝገብርዎ ጻዕሪ ምድጋፍ፡ ብተመሳሳሊ ንኤርትራውያን ስደተኛታትን ሓተትቲ ዑቕባን ዘድሊ ደገፍ ምሃብ፡ ከምኡ ’ውን ኤርትራውያን ግዳያት ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት ፍትሒ ክረኽቡ ምግባር።

---